## **ቅኑዕ ኣታሓሕዛ ግርጭታት ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ 1975 ጽሑፍ**

## 2ይ ክፋል ።



ምኽናም ሓሰበቶም ገሊጾም ኣለው:: ብዙሓት ብትግሃት ማርክስነት ዩጽንዑ ኣለው፣ ገለ እውን ዲባውያን ኮይኖም ኣለው:: እዞም ዓሕረያት፡ ሸሕኳ ውሑዳት እንተኾኑ ብርጉጽ እናወሰኹ ይኸዱ ኣለው:: ርግጽ እዩ፡ ቀሰ እኹ ቁጽርም ውሑዳት እንተኾኑ፡ ኣብ ማሕበርነት ሙሉእነት ዘይብሎም ወይ ከኣ ዘይሰማምዕሉ ምሁራት ኣለው:: ኣብቲ ዓቢ ናይ ማሕበርነታዊ ምህናጽ ዕማም፡ ገና ኣገልገሎት ናይ ብዝከኣል ብዚበዝሑ ምሁራት የድልያ ኢዩ፡ ነቲ መንቀሊ ናይ ማሕበርነት ናይ ብሓቂ ብዴሊት ከገልግሉ ንዚተበገሱ ምሁራት፡ ንከእለቶም ብምሉእ ኣብ ስራሕ ምእንቲ ከጥቀሙሉ ከንኣምናምን፡ ምስኦም ዘሎና ዝምዱና ብመሰረቱ ከነማሓይሽን፡ ኪፍታሕ ዘሎዎ ሽግራት ኪፈትሑ ክንሕግዞም ኣሎና:: ብዙሓት ካብ ብጾትና ካብ ምስ ምሁራት ምስማር ንፉዓት ኣይኮኑን፡ ኣመናዩ ተርያም፣ ንስረሖም ኣየኽብርያን፡ [illegible] እዚ እውን ኣብ ኢዱካ ምእታው ዘይገብእ ናይ ብህሳውን ስን-ፍልጠታውን ስራሓት ኣትዮም ዩኪልፉ:: ነዚ ከምዚ ዚኣመስለ ጉድለታት ኩሉ ከንኣልዩ ኣሎና::

ምሁራት ብምሉኦም ምምሕያሽ ጌሮም ኣለው፣ ገን ኣብቲ ዘለውዎ ጠጠው ከብሉ የብሎምን:: መታን ምስቲ ዴሊት ናይቲ ሓፈሻዊ ሕ/ሰብ ክልዕሉን ንሰራሕተኛታትን ገባርን ኪሓብሩን ብዘይምቁራጽ ክብሰም ከሃንጹን፡ በብቑሩብ ነቲ ናይ ብርጁዋ ርእዩተ-ዓለሞም ኣራጊፎም እቲ ናይ ደርቢ ሸቃሎ ዲሰዊ ርእዩተ-ዓለም ኪጋናጸፉ ኣለዎም:: እዚ ናይ ርእዩተ-ዓለም ለውጢ እዚ መሰረታዊ ለውጢ ኢዩ፣ ክሳብ ሕጂ ከኣ መብዛሕትኦም ምሁራትና ጠቢቦም ኣለው ኪበሃል ኣይከኣልን ኢዩ:: ብዘይምቁራጽ ከመሓየሹን፡ ከምኡ እውን ኣብ ጉዕዞ ስረሖም መጽናዕቶምን፡ ብስጉምቲ ዲሰዊ ርእዩተ-ዓለም ኪጋናጸፉን፡ ማርክስነት ለኒንነት ብዝያዳ ኪርዱኡን፣ ምስ ሰራሕተኛታትን ገባርን ኪወሃሃዱ ተስፋ ንገብር:: ኣብ መንገዲ ጠጠው ክይበሉ፡ ወይ ከኣ ዚገደዱ፡ ንድሕሪት ከየንሸትቱ ተስፋ ንገብር:: ምኽንያቱ፡ ንድሕሪት እንተደኣ ኣንሸቲቶም፡ መጻኢ ዕድል ኣይክህልዎምን ኢዩ:: ናይ ሃገርና ማሕበራዊ ስርዓት ስለ ዚተቀየረን፡ ናይ ብርጁዋ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ዳግማ ብሓፈሻኡ ስለ ዝዓነወን፡ ንኣዝዮም ብዙሓት ምሁራትና ንርእዩተ-ዓለሞም ክለውጡ ናይ ገዱ ምኽኑ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኪለውጡ ምቹእ ኩነታት ፈጢሮሙ ኣሎ:: ገናኸ ናይ ርእይቶ-ዓለም ምሉእ ለውጢ ነዊሕ ግዜ ስለ ዚወስድ፡ ብህድኣት ብዘይሸበድበድ ከንገብርሕ ኣሎና:: ናይ ገዱን፡ ብስነ-ሓሳብ ንማርክስነት-ለኒንነትን ንዲሰነትን ንኪቕበልያ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ ኩሉ ግዜ

ኪህልው ኢዩ፡፡ ከብኣቶም ትጽቢትና ኣዝዩ ሰዐሊ ኪኸውን ዘብሉ
ን፡፡ ናይታ መንግስቲ ገዲታታት ዘከበረን፡ ብሕገና ደማ ዚቀየ
ዱን እንተኸይድናም፡ ኣብ ጉቡእ ቦታታት ንኪሰርሑ ዐዱል ከንህበ
ም ኣሎ፡፡

ኣብዚ ቀረብ እዋናት፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮን መሁራትን
ኣብ ናይ ስነ—ጥበብን ፖለቲካን ስሬሕ ምዝሕታል ነበረ፣ ዘይናይ
ፖ
ጥዕና ዝምበሌታት ከኣ ተራእዩ፡፡ ገለ ሰባት፡ ሕጂ ብዛዕባ ናይ ወዲ
ለቲካ ብዛዕባ መጸኢ ዕዱል ናይታ ሃገር ክነ ብዛዕባ ናይ ወዲ
ሰብ ልዑል ሸቶታት ምገዓስ ዘየዱሊ ይመስሎም፡፡ ማርክስነት፡
ጠንበብ ኩሉ ዚጭደፈሉ ኔሩ፡ ሕጂ ግን ገዚኡ ዚጠሰፈ ይመስል፡፡
ነዚ ዝምበሌታት እዚ ንምጽራር፡ ፖለቲካውን ስነ—ጠበበውን ስራ
ሕና ከነበርትዕ ኣሎና፡፡ ተመሃሮ ይኹኑ መሁራት ኣበርቲዖም ኪ
ጽንዑ ኣለዎም፡፡ ኣብ ርእሲ እቲ መጽናዕቲ ናይ ፍሉይ ዓይነት
ትምህርቶም ብፖለቲካውን ስነ—ጠበበውን መንገዲ ደማ ምምሕያሽ
ኪገብሩ፡ ማለት ማርክስነትን፡ ሕጂ ዚፍጸም ዘሎ ነገራትን፡ ፖ
ለቲካዊ ሸገራትን ኪጽንዑ ኣለዎም፡፡ ጠደ ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣረ
ኣእያ ዘይምህሳው፡ ልክዕ ከም ሂወት ዘይምህሳው ኢዩ፡፡ እቲ
ቅድም ዚተገበረ ከምብጠዱሽ ናይ ስነ—ጠበብ ምሕጻብ ኣዱሳይ ኔ
ይሩ፣ እወታዊ ውጽኢት ከኣ ሂቡ ኣሎ፡፡ ግን ብምጉናጽ ስለ ዚ
ተፈጸመ፡ ናይ ገለ ሰባት ስምዒታት ሃሰዩ—እዚ ጽቡቅ ኣይነበረ
ን፡፡ ንዞመጽእ ግዜ ነዚ ጉድለታት እዚ ከነወግደ ኣሎና፡፡ ኩሉ
ም ክፍልታትን ውዱባትን፡ ኣብ ናይ ስነ—ጠሰበውን ፖለቲካውን
ስራሕ፡ ጠሳፍነቶም ኪስከሙ ኣለዎም፡፡ እዚ ጠሳፍነት እዚ ነቲ
ዲበዊ ሰልፍን ንናይ መንእሰያት ማሕበርን፡ እዚ ጠሳፍነት እዚ
ንዚተዋህበም ናይ መንግስቲ ክፍልታትን፡ ብፍሳይ ደማ ንኣሕሉቅ
ትምህርታዊ ትካላትን ንመማህራንን ዘርኢ ኢዩ፡፡ ትምህርቲ ሚሳ
ና፡ ንዚኸነ ትምህርቲ ዚቀበል ሰብ፡ ብምራልን፡ ኣእምሮን፡ ኣ
ካልን ከምዕብልን፡ ብማሕበርነታዊ ንቕጠት ዚተመልአ ፈሳጥ ሰራ
ሕተኛ ኪኸውን ኣለዎ፡፡ ነቲ ሃገር ናይ ምህናጽ ጠሰባት ብትግ
ሃትን ሀርኩትናን ክነስፍጠ ኣሎና፡፡ ሃገርና ዱኸ ምዃናን፡ እዚ
ኩነታት እዚ ደማ ብጠጺፉ ግዜ ካብ መሰረቱ ክንቅይሮ ከምዘይን
ክእልን ንኩሎም መንእሰይ ህዝብና ከነብርሃሎም ኣሎና፡፡ ኣብ
ርእሲኡ እውን ቺና ብጢደት ዕስራ ዓመታት ሃብታምን ጠያልን ን
ኸትከውን፡ መንእሰያትናን ኩሎም ህዝብናን ሰሚሮም ኣብ ስራሕ
ኪካፈሉ ከምዘለዎም ክነረዱኦም ኣሎና፡፡ ምትካል ናይ ማሕበርነታዊ

ስርዓትና ነቲ ናብቲ ናይ መጻኢ ምሉእ ሕ/ሰብ ዘመርሕ መንገዲ ከፊቶ ኣሎ፣ ነዚ ሓሳባት እዚ ናብ ርጉጽነት ንምቕያር ግን ብርቱዕ ጻዕሪ የድሊ:: ገሊኦም መንእሰያትና ማሕበርነታዊ ስርዓት እንተደኣ ተተኺሉ፡ ኩሉ ምሉእ ዝኸውን፡ ንሰቶም ከኣ ከይጸዓሩ ሕ.ጉስ ናብራ ዘሕልፍሉ ኩነታት ዝፍጠር ይመስሎም:: እዚ ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኢዩ::

## ፯ ናይ ንኡሰን ብሄራት ሕቶ

ኣብ ሃገርና፡ ቁጽሪ ናይቶም ንኡሳን ብሄራት ህዝቢ ካብ 30 ሚልዮን ንላዕሊ ኢዩ:: ሸሕኳ ቁጽሮም 6 ካብ ሚእቲ ናይቲ ምሉእ ህዝቢ ጥራይ እንተኾነ፡ እቲ ዝቕመጥሉ መሬት ሰፊሕ ኢዩ፣ ማለት፡ ካብ ምሉእ መሬት ቺና ካብ 50 ክሳብ 60 ካብ ሚእቲ ይኾውን:: ኣብ መንጎ ናይ ሃን 5 ህዝብን ናይቶም ንኡሳን ብሄራት ህዝብን ጽቡቕ ዝምድናታት ንኺህሉ ምትብባዕ ኣድላዪ ኢዩ:: ናይዚ ሕቶ እዚ መፍትሒ ንናይ ሃን ሸቭንነት ኣብ ምስናፍ ይርከብ:: ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ እቶም ንኡሳን ብሄራት ዘበዊ ሃገርነት ምስ ዝርከብ ንምስናፍ ብዙሕ ጻዕሪ ኪነብር ኣለዎ:: ንስምረት ናይ ብሄራት ናይ ሃገር ሸቭንነት ይኹን ዘበዊ ሃገርነት ጎዳእቲ እዮም:: ናይ ሃን ሸቭንነትን ዘበዊ ሃገርነትን ናይ ሓደ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ከፍታሕ ዘለዎ ገርጭት ኣብነት ኢዮም:: ኣብዚ ዓንኬል እዚ ዶር ሓያሎ ስራሕ. ጌርና ኣሎና:: ኣብ ዝበዝሐ እዞም ንኡሳን ብሄራት ዘለውዎ በታታት፡ ኣብ መንጎ እቶም ብሄራት ዓቢ ናይ ዝምድናታት ምምሕያሽ ተጌሩ ኣሎ፣ ግን ጌና ሓያሎ ኪፍትሑ ዘለዎም ሽግራት ኣለዉ:: ኣብ ገሊኡ በታታት፡ ናይ ሃን ሸቡንነትን ዘበዊ ሃገርነትን ገና ዓዚዞም ይርከቡ፣ እዚ ከኣ ብዙሕ ምቅሉብ ዘድልዩ ነገር እዩ:: ኣብዚ ዝሓለፈ ውሑዓት ዓመታት ዝተገብረ ናይ ኩሉን ብሄራት ህዝቢ ጻዕሪ፡ ዲሞክራስያዊ ጽገናን ማሕበርነታዊ ምልውዋጥን ኣብ መብዝሕትኡ እቶም ውሑዓት ብሄራት ዝርከቡሉ በታታት ብሓፈሻኡ ተፈጺሙ ኢዩ:: ኣብ ቲበት፡ ኩነታት ስለ ዘይበሰለ ዲሞክራስያዊ ምምሕያሽት ኣይተካየዱን:: ብመሰረት ናይቲ ኣብ መንጎ እቲ ማእከላይ ህዝባዊ መንግስትን ዘበዊ መንግስትን ቲበትን ዝተገብረ 17 ነጥብታት ዝሓዘ ስምምዕ፡ ምጽጋን ናይ ማሕበራዊ ስርዓት

ኪኸየዱ ኣለዎ፣ እቲ ዝኸየደሉ ግዜ ግን፡ ካብቲ እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ እቲ ባተን ናይቲ ህዝቢ መሪሕቲ ሰባትን ቡሉል ኢሎም ዘገምትዎ ይኸውን፡፡ ትዕግስቲ የዱሊ፡፡ ሕጂ ኣብዚ እዋን ናይ ካልኣይ ሓሙሽተ ዓመት ውጥን ኣብ ቲበት ዲሞክራስያዊ ጸገናታት ንከይገበር ተወሲት እሎ፡፡ ኣብ እዋን ናይቲ ሰልሳይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውጥን ምፍጻምምን፡ ዘይምፍጻምምን በቲ ኣብቲ ግዜቲ ዝህሉ ኩነታት ኢዩ ኪውሰን ዝኽእል፡፡6

## ፯ ሓፈሸዊ ምውጣንን ገቡእ ምውዓዱን

ሓፈሸዊ ምውጣን ክንብል ከሎና፡ ረብሓ ናይቶም 600 ሚእቲ ሚልዮን ህዝብና ኣብ ግምት ዘእተ ውጥን ማለትና ኢዩ፡፡ ውጡናትና ኣብ ምውጻእ፡ ጉጉያት ኣብ ምእሳይ ወይ ብዛዕባ ሽግራት ኣብ ምሕሳብ፡ ቺና 600 ሚልዮን ህዝቢ ኣለዋ ካብ ዝብል ርጉጽነት ኪንብገስ ኣሎና፣ ነዚ ርጉጽነት እዚ ፈጺምና ኪንርስዖ የብልናን፡፡ ስለምንታይ ኢና ብዛዕባ እዚ ነጥቢ እዚኣ እንገደስ? ገና ሽዱሽተ ሚልዮን ህዝቢ ክምዘለውና ዘይፈልጡ ህዝቢ ኪህልው ይኽእሉ ማለት ዶዩ?... ኩሉ ይፈልጦ ኢዩ፣ ኣብ ገብሪ ኪመጽኡ ከለው ግን፡ ፈጺሞም ይርስዕዎ፣ እቲ ህዝቢ እንተወሓደ እቲ ከቢ ደማ እንተጸበበ ዝበለጸ ከምዚኸውን ኣምሲሎም ብምርኣይ ደማ ይሰርሑ፡፡ እቶም እዚ ናይ "ጸበብ ኪቢ" ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት፡ ነቲ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ ናይ ምህናጽ ዕላማ ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ዘዱሊ ናይ ኩሉ እወታዊ ረቋሒታት ኣብ ገብሪ ናይ ምዝውታር ሓሳብ ምስ ኩሉ ኪሰምር ዝክእል ናይ ምስማር ሓሳብ፡ ነቲ ኣሉታዊ ረቋሒታት ከሰብ ዓቅምና ዘፍቅደልና እወታዊ ረቋሒታት ናይ ምቅያር ሓሳብ ይጻረርዎ፡፡ እዞም ሰባት እዚኦቶም ሓደ ዝሰፍሐ ኣረኣእያ ሒዞም 600 ሚልዮን ህዝቢ ክምዘለውና እዚ ሓደ ውዱዓዊ ርጉጽነት ምዃኑ፡ ሓደ ጠቓሚ ነገር ምዃኑ ክፈልጡ ተስፉ ንገብር፡ ብዙሕ ህዝቢ ምህላውና ሓደ ጽቡቕ ነገር እዩ፣ ገናኸ፡ ናይ ገዱን ገለ ሽግራት ዝከተል እዩ፡፡ ምህናጽ ኣብ ኩሉ ገንባራት ምስ ናይ ቀልጣፈን ዓወትን ይባለጥ ኢዩ፣ ግን፡ ኣብዚ ብዙሕ ማሕበራዊ ምቅይያር ዘሎዎ ናይ መበጋገር እዋን እዚ፡ ገና ብዙሕ ከቢድ ሽግራተ ኣሎ፡፡ ምዕባለ ምስኡ ደማ

ሽገራት እዚ ሓደ ገርጭት እዩ፡፡ ዚኸነ ኸይኑ፡ ገርጭታት ኪፍትሑ ኣሰያም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብርገጽ ከፍትሑ ዚከእሉ እዮም፡፡ መራሒ መትከልና ሓፈሻዊ ምውጣንን ገቡእ ምውዳእን ኢዩ፡፡ ኣብ ዚኸነ ይኹን ሽገር ንመገቢ፡ ባህርያዊ ሽገራት፡ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ምሁራት፡ ስሙር ግንባር ኩሎም ሓርበኛታት ሓይልታት፡ እቶም ንኡሳት ብሄራት ዘርኢ ይኹን ንዚኸነ ካልእ ሽገር ዘርኢ ኩሉ ግዜ ካብቲ ንምሉእ ህዝብና ናብ ግምት ዚኣቶ ሓፈሻዊ ውጥን ኪንብገስ፡ ምስኩሎም እቲ ነገር ዚምልከቶም ዓንኬላት ዳሕሪ ምምካር ደማ፡ ብመሰረት ናይቲ ፍሉይ ተከእሎታት ናይቲ ፍሉይ ግዜን ቦታን ገቡእ ምቅርራብ ክንገብር ኣሎና፡፡ ህዝቢ ብጣዕሚ ብዙሕ፡ ህዝብና ድሑር እዩ፡ ነገራት ከኣ ጭንቂ ዚመልኦን ምእሳዑን ሽገርን እዩ ኢልና ክነዕዘምዝም፡ ንሽገራት ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ከባና ክነርሕቖን ፈጺሙ ኣይግባኣናን፡፡ እዚስ፡ ብዛዕባ ዚኸነ ሰብን ነገርን መንግስቲ ጥራይ ኢያ ከትገድስ ዘለዋ ማለት ዲዩ? ናይ ገዲን ኣይኮነን፡፡ ኣብ ብዙሕ ጉዳያት፡ ህዝባዊ ውዱብት ወይ ከኣ ብቀጥታ እቲ ሓፋሽ ንኽገደሱሎም ኪገደፋ ይኽእሉ ኢዮም ኩሎም ብዙሕ ጽቡቕ መንገዲታት ናይ ኣተሓሕዛ ነገራት ኪጣበቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ እውን ኣብቲ ናይ ዓንኬል ናይ ሓፈሻዊ ምውጣንን ገቡእ ምውዳእን መትከል ይኣቱ፡፡ በዚ ነገር እዚ ዘርኢ ንህዝባዊ ውዱብትን፡ ነቲ ኣብ ኩሉ ዘሎ ሓፋሽ ህዝብን መምርሒ ክንህብ ኣሎና፡፡

ብዛዕባ "ሚእቲ ዕምባባታት ይዓምብቡ፡"
ሚእቲ ናይ ርእሰ—ሓሳብ ቤት—ትምህርትታት ይካትዑ፡"
ከምኡ እውን "ነዊሕ ናይ ጎድነ—ጎድኒ ምንባርን ናይ
ሓደ—ሕደ ምክትታልን"

"ሚእቲ ዕምባባታት ይዓምብቡ፡ ሚእቲ ናይ ርእሰ—ሓሳብ ቤት—ትምህርቲታት ይካትዑ "ከምኡ እውን፡" ነዊሕ ናይ ጎድኒ ምንባርን ናይ ሓደሕደ ምክትታል"—እዚም ጭርሖታት እዚኣቶም

ከመይ ኢሎም ቀረቡ? እዚኦም ጥርጡታት እዚኦም ዚቀረቡ ብመሰረት ና
ይቲ ፍሉይ ኩነታት ቿና፡ ብመሰረት ናይቲ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ ገና
ዚተፈላለዩ ገርዊታት ናይ ምህላው ምፍላጥ፡ ከምኡ እውን እቲ እታ
ሃገር ኢኮኖምያውን ባህላውን መዐባልእ ንምቅልጣፍ ዘለዎ ህጹጽ ኣዱ
ላይነት ብምርዳእ እዩ፡፡ ሚእቲ ዕምባባታት ኪዕንብቡ፡ ሚእቲ ናይ
ርእሰ—ሓሳብ ቤትምህርትታት ደማ ኪካትዑ ምግባር፡ ኣብ ሃገርና ምዕ
ባሉ ሲነ—ኪነትን ስነ—ፍልጠትን ሰፊሕ ማሕበራዊ ባህልን ናይ ምስላ
ጥ ሚሳ እዩ፡፡ ዚተፈላለዩ መልከዓትን ዓይነታትን ስነ—ጥበብ ብዘይ
ቀይዲ ከምዕብሉን፡ ዚተፈላለዩ ናይ ሳይንስ ቤትምህርትታት ኩሉ ብዘ
ይ ቀይዲ ኪወዳደሩ ኣለዎም፡፡ ምምሕዳራዊ ስጉምትታት ተጠቒምካ፡
ሓደ ዓይነት ስነ—ጥበብ ወይ ቤትምህርቲ ርእሰ—ሓሳብ ንኸሠሉ ገዲድ
ካ፡ ንካልእ ዓይነታት ምውጋዱ፡ ንዕብየት ስነ—ሓሳብን ስነ—ፍልጠት
ን ጉዳኢ ይምስሉና፡፡ ኣብ ስነ—ጥበብን ስነ—ፍልጠትን ዘርከብ ናይ
ቀኑዕን ጌጋን ሕቶታት፡ ኣብ ውሽጢ ስነ—ጥበባውያን ስነ—ፍልጠታውያ
ን ዓንኬላት ብዚግበር ናይ ክትዕን፡ ብኣብዘም ሜዳታት እዚኦም ዚፍ
ጸም ገብራዊ ስራሕን ኢዩ ኪረገአ ዝክአል፡፡ በቲራጭ ኪረገኡ ዩብሉ
ም፡፡ ሓደ ነገር ቅኑዕ ወይ ጌጋ ምዃኑ ንምፍላጥ፡ መብዛሕትኡ ግ
ዜ ሓደ ናይ ፈተነ ግዜ የድሊ እዩ፡፡ ኣብ ምሉእ ታሪኽ፡ ሓደስትን
ቅኑዓትን ነገራት ብዙሕ ግዜ ቀልቀል ምስ በሉ ብዚብዝሕ ህዝቢ
ተቀባልነት ኪረክቡ ብዘይምክኣሎም፡ ብብዙሕ ምጥውዋይን ኩርንዓትን
ዘለዎ ቃልሲ ኪምዕብሉ ተገዲዶም ኣለው፡፡ ብዙሕ ግዜ ቅኑዓትን ጽቡ
ቃትን ነገራት ኣብ መጀመርታኦም ከምጽቡቕ ዘሽትኦም ዕምባባታት ዘይ
ኮኑስ ከመርዞም ጸህያያት ተራእዮም ኢዮም፡፡ ናይ ኮፐርኒኩስ ና
ይ ስርዓተ—ጸሓይ ክልሰ—ሓሳብን ናይ ዳርዊን ናይ ርእሰ—ተቀይሮ
ክልሰ—ሓሳብን ሓደ ግዜ ከም ጌጋ ተሓሲቦም ተደርቢዮም ነበሩ፡ ኣዝ
ዩ መሪር ተቓውሞ ኣስኒፎም ንኪሓልፉ ደማ ተገደዱ፡፡ ካብ ታሪኽ ቺ
ና ብዙሕ ከምዚ ዘኣመሰሉ ኣብነታት ከነምጽእ ንክእል፡፡ ኣብ ሓደ
ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ እቲ ንዕብየት ሓዱሽ ነገር ዘድሊ ኩነታት ከ
ብቲ ናይቲ ኣረጊት ሕ/ሰብ ብመሰረቱ ይፍለን ይገለጽን ገናከስ ጌና
ብዙሕ ግዜ ሓደስቲ ዘብቅሉ ዘለው ሓይልታት ይገትኡ ሓባባዊ ርእይቶ
ታት ደማ ይሕንቁ ኢዮም፡፡ ብተወሳኺ ዕብየት ናይ ሓዱሽ ነገራት፡

ቀሎ ኮነ ከይጽቀጥካዮ፡ ካብ ኣዕመቅካ፡፡ ዘይምርካይ ዚተሳዕለ ዕንቅ
ፋት ዩጋጥም እዩ፡፡ እምበኣርከስ ብዛዕባ ናይ ቀኑዕን ጊጋን ሕቶታ
ት ኣብ ስነ—ጥበብን ስነ—ፍልጠትን ጥንቃቐ ምግባርን፡ ናጻ ከትዕ
ምትብባዕን፡ ናይ ሃወኸ መደምደምታታትን ምግባር ምውጋዱን ኣዱላዩ
እዩ፡፡ ከምዚ ዚኣመስሉ ኣረኣእያ ልኹም ዚኮነ ምዕባለ ናይ ስነ—ጥ
በብን ስነ—ፍልጠትን ኺምርጋገጽ ከምዚሕግዝ ንኣምን ኢና፡፡

ማርክስነት እውን ብቓልሲ እዩ ማዕቢሉ፡፡ ኣብ መጀመርትኡ፡
ማርክስነት ከም ሓደ መርዝም ጸሀያይ ተሓቢሁ ብዙሕ ዓይነት መጥቃዕ
ትታት ወረደዎ ገና ስጋብ ሕጂ ይጥቃዕን፡ ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ዓለ
ም ከኣ ከም መርዝም ጸሀያይ ይሕሰብን ኣሎ፡፡ ኣብተን ማሕበርነታው
ያን ሃገራት ፍሉይ በታ ኣለዎ፡፡ ገናኸ ኣብዘን ሃገራት እዚኣን እ
ውን ዘይማርክሳውያን ጸረ—ማርክሳውያን ስነ—ሓሳባት ኣለው፡፡ ኣብ
ቺና፡ ሽሕቪ ንስራሒት ውናነ ብዘርኢ ማሕበርነታዊ ምቅያር ብሓፈሽ
ተወዲኡ እንተሎ፡ ከምኡ እውን እቲ ናይ ዚሓለፈ ስውራዊ እዋናት ጠ
ባይ ዚነበረ መጠነ—ሰፊሕን ህውከን ናይ ሓፈሽ ደርባዊ ቃልሰታት ካ
ብ መወዳእትኡ በጺሑ እንተሃለወ፡ ገና ተረፍ—መረፍ ናይቶም ዚወደቑ
መስፍናውን ምስሌነ—ባዕዳውን ደርብታት ኣለው፡፡ ደርቢ ብርጁዋ እው
ን ገና ኣሎ፡፡ ናይ ደርቢ ንኡስ ብርጁዋ ከምብሓዱሽ ምህናጽ ደማ
ገና ሕጂ ተጀሚሩ ኣሎ ደርባዊ ቃልሲ ፈጺሙ ኣይተወደኣን ኣብ መንግ
ደርቢ ሸቓሎን ብርጁዋዚን፡ ኣብ መንግ ዚተፈላለዩን ናይ ፖለቲካ ሓ
ይልታት ኣብ ዒዳ ስነ—ሓሳብ ደማ ኣብ መንጎ ሸቓሎን ብርጁዋን ዘሎ
ደርባዊ ገርጭት ነዊሕን ተጠዋዋይን፡ ንሓንሳብ ከኣ በሪሕን ይኸውን
እዩ፡፡ ደርቢ ሸቓሎ ንዓለም ብርእዩተ—ዓለም ኪልውጣ ይደሊ፡ እቲ
ብርጁዋ እውን ከምኡ እውን በዚ ሸነኽ እዚ እቲ ናይ መን የሸንፍ፡
ማሕበርንትደ ወይስ ር ማልነት ዚብል ሕቶ ገና ኣይረገኣን፡፡ ማርክ
ሳውያን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኾነ ኣብ መንጎ ምሁራት ገና እቶም ዚወሓ
ዱ እዮም ስለዚ፡ ማርክስነት ገና ብቓልሲ ከምዕብል ኣለዎ፡፡ ማርክ
ስነት ብቓልሲ ጥራይ እዩ ከምዕብል ዚኽእል፡ እዚ ቀደም ጥራይ እዩ
ኮነን ሓቂ ዚነበረ ወይ ሕጂ ጥራይ ኣይኮነን ሓቂ ዘሎ፡ ንዚመጽእ
ግዜ እውን ናይ ግዱን ሓቂ እዩ፡፡ ኣብ ግዜ ቓልሲ ኩሉ ግዜ እቲ
ቀኑዕ ምስቲ ጉጉይ ኀዱኒ—ንኀዱኒ ይምዕብል፡ እቲ ሓቀኛን፡ ጽቡቕን፡

ምልኩዐን ኩሉ ግዜ ምስቲ ሓቦትን፡ እከይን ክፉእን ብምንጽጻር ይነ
ብር፡ ምስኦም ብምቅሳስ ደማ ይዓብ ዩ፡፡ እቲ ጉጉይ ተነጺጉስ ሓደ
ፍሉይ ሓቂ ብወዱብ ተቀባልነት ኣብ ዚረክቡሉ እዋን፡ ሓደስቲ ሓቀ
ታት ምስ ሓደስቲ ጌጋታት ምቅሳቦም ይጀምሩ፡፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ቃል
ስታት ፈጺሙ ኣይውዓእን፡፡ እዚ እቲ ምዕባለ ሓቂ፡ ናይ ገድን ከኣ
ናይ ማርክስነት እዩ፡፡

ኣብ ሃገርና፡ እቲ ኣብ መንጎ ማሕበርነትን ርማልነት ዘሎ
ስነ—ሓሳባዊ ቃልሲ ንምውሳን ንውሕ ዝበለ ግዜ ክወስድ እዩ፡፡ ምኽ
ንያቱ ደማ፡ ናይቶም ካብቲ ኣረጊት ሕ/ሰብ ዝመጹ ብርጆዋዚን ምሁራ
ትን ጽልዋ ገና ኣብ ሃገርና ንነዊሕ ግዜ ክህሉ እዩ፡ ደርባዊ ስነ
ሓሳቦም እውን ከምኡ፡፡ ነዚ ኣጸሪና ወይ ከኣ ኣብቲዐና እንተዘይተ
ረዲእናዩ፡ እቲ ዝኸፍእ ጌጋታት ኪገበር እዩ፡ ኣድላይነት ናይ ቃል
ሲ ኣብቲ ስነ—ሓሳባዊ ሜዳ ደማ ክርሳዕ ኢዩ፡፡ ስነ—ሓሳባዊ ቃልሲ
ከምካልኦትመልከዓት ናይ ቃልሲ ኣይኮነን እቲ ሓደ ኣብዚ ቃልሲ እዚ
ኪዝውተር ዘለዎ ኣገባብ፡ ናይ ቀጥዒ ዘይብሉ ምገዓዱ ዘይኮነስ፡ ና
ይ ጻዕራዊ ምሕባብ / ምርታዕ / ጥራይ እዩ፡፡ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ኣብ
ቲ ስነ—ሓሳባዊ ቃልሲ፡ ማሕበርነት ኣብ ሓደ ብልጫ ዘለዎ ቦታ እዩ
ዘሎ፡፡ እቲ ቀንዲ ስልጣን መንግስቲ ኣብ ኢድ ናይቲ ደርቢ ሸቃሎ
ዝምራሕ ሰራሕተኛ ህዝቢ ኣሎ፡ እቲ ዲባዊ ሰልፊ ሓያል፡ ዝናኡ ደማ
ልዑል እዩ፡፡ ሽሕኳ ኣብ ስራሕና ጉድለታትን ጌጋታትን እንተለው፡
ዝኾነ ቅኑዕ ዝሓስብ ሰብ፡ ንህዝብና እሙናት ምኳና፡ ምስ ህዝቢ
ኮይንና ንሃገርና ኪንሃንጽ ቀራጽነትን ከእለትን ከምዘሎና፡ ዱር
ዓቢ ዓወታት ከምዚተጓናጸፍና፡ ብሕጂ እውን ጌና ዚዓቢ ዓወታት
ኪንጓናጸፍ ከምዝኾንና ከርኢ ይክእል እዩ፡፡ ካብቲ ኣረጊት ሕ/ሰብ
ዝመጹ ብርጆዋን ምሁራትን መብዛሕትኦም ኣፍቀርቲ ሃገሮም እዮም፡
ንእናደንፍዐት ትከይድ ዘሎ ማሕበርነታዊት ሃገሮም ከገልግሉ ደማ
ፍቓደኛታት እዮም፡ ነቲ ማሕበርነታዊ ዕላማ ከምኡ እውን ነቲ ብዲባ
ዊ ሰልፊ ዝምራሕ ሰራሕተኛ ህዝቢ እንተደኣ ነጺጎም፡ ሓጋዚ ዘይብሉ
ም ከምዚተርፉን፡ ቀሊሕ ዝበልዎ ብሩህ መጻኢ ከምዘይብሉን ይፈልጡ
ኢዮም፡፡

ሰባት ከምዚ ኢሎም ኪሓቶ ይኽእሉ እዮም:: ማርክስነት ብመ
ብዘሕትኡ ህዝብና ከመመሪሒ ስነ—ሓሳብ ተቐባልነት ረኺቡ እንከሎ፡
ኪውቀስዶ ይኽኣል እዩ? ብርግጽ፡ ኪውቀስ ይኽኣል እዩ:: ማርክስነ
ት ስነ—ፍልጠታዊ ሓቅነት ኢዩ፡ ነቐፌታ ደማ ኣይፈርሕን:: ካብ ነ
ቐፌታ ዘፈርሕ ኔሩ እንተዚኸውን፡ እሞ ከኣ ብነቐፌታ ከተውድቖ ዚከ
ኣል እንተዚነብር:: ቀጊ ኣይምሃለዋን ብሓቂ፡ ተኣምርረታውያን ንማ
ርክስነት ኩሉ ማዓልትን ብኩሉ መንገድን ይነቕፍዎዶ የለውን እዮም?
እቶም ናይ ብርጁዋን ንኡስ ብርጁዋን ሓሳባት ዘለዎም ኪቕየሩ ዘይደ
ልዩ፡ ኩሉ ግዜ ብኩሉ መንገድታት ይነቕፍዎዶ የለውን እዮም? ማርክ
ሰውያን ንኻብ ዚኾነ ኩርናዕ ዝመጽእ ነቐፌታ ኪፈርሑ የብሎምን::
ብኣንጻሩ፡ ብነቐፌታን ቓልስን ንብዕም ኪስሕሉን ከማዕብሉን ዚላዓለ
በታታት ኪሕዙን ይደልዩ እዮም:: ኣንጻር ግጉይ ሓሳባት ምቅላስ ከምኣን
ጻር / ሕማም / ምክታብ እዩ—ሓደ ሰብ ምስ ዚከተብ ኣካላቱ ንሕማም
ብዝያዳ ይቃወም:: ኣብ ውዑይ ገዛውቲ[7] ዚዓበዩ ኣታክልቲ ተረርቲ
ኣይኮኑን እዮም:: ሚእቲ ዕምባባታት ንኪዕምብቡን ሚእቲ ናይ ርእሰ—
ሓሳብ ቤትምህርትታት ኪከትዑን ዚገድፍ ሜላ ምኽታል፡ ናይ ማርክስነ
ት ኣብ ሜዳ ስነ—ሓሳብ ናይ መምራሕ በታ የብርትዓ እምበር ኣየዳክ
ሞን እዩ::

ናይ ዘይ ማርክሳዊ ሓሳባት ዘሎና ሜላ ከመይ ኪኾውን ኣሎ?
ብዛዕባ እቶም ዘይጋግዩ ጸረ—ሰውራውያንን ናይ ማሕበርነታዊ ዕማም
ዓንቀጽትን፡ እቲ ነገር ቀሊል እዩ:— ናይ ምዝራብ ናጽነት መበል
ንገፍም:: ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ዘይቅኑዕ ሓሳባት ግን፡ ካብዚ ዚ
ተፈልየ ነገራት እዩ:: ነዚም ሓሳባት እዚኦም ምውጋድን ንከይግለጹ
ምክልካልን የዋጽእዶ? ብርግጽ ኣየዋጽእን፡ ብዛዕባ ናይ ወድሰብ እ
እምርኣኣዊ ዓለም ዘርኣዮ ሕቶታት፡ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘለዉ
ናይ ስነ—ሓሳብ ሕቶታት፡ ኣገባባት ምጥቃም ፍረ ዘይብሉ ጥራይ ዘይኮ
ነስ ጉዳኢ እዩ:: ግጉይ ሓሳባት ንከይግለጹ ከትከልክል ትኽእል ኢ
ኻ፡ ግናኸ፡ እቶም ሓሳባት እቲኦም ገና ይህልዉ:: በቲሓደ ወገን
ደማ፡ ቅኑዓት ሓሳባት፡ ብፈተነ ከይሓለፉ ወይከኣ ካብ ሕማም መከላ
ከሊ ከይተገብረሎም ኣብ ውዑይ—ገዛውቲ ኣእቲኻ እንተ ተሓብሒብም፡
ነቶም ጉጉያት ሓሳባት ከሰንፍዎም ኣይኮኑን:: እምበኣርከስ፡ ቅኑዕ

ሓሳባት ኵስኵስና ከነዕብን፡ ንጉጉይ ሓሳባት ከነስንፍን፡ ብሓቂ ዱ
ማ ብዘካትዕ ኣርእስትታት ከነርግእን እንከእል፡ ኣገባብ ናይ ምክታ
ዕን፡ ነቐፌታን፡ ርትዕን ብምጥቃም ጥራይ እዩ፡፡

ብዘይተርፍ እቲ ብርጅዋዚን ንኡስ—ብርጅዋዚን ንስነ—ሓሳቦምን
ኪደፍኡ እዮም፡፡ ብዘይተርፍ፡ ኣብ ፖለቲካውን ስነ—ሓሳባውን ሕቶ
ታት፡ ብዝካኣሉ መንገዲታት ደሪቖም ሓሳባቶም ኪገልጹ እዮም፡፡ ከ
ልእ ኪገብሩ ከትጽበዮም ኣይትከእልን ኢኻ፡፡ ሓሳባቶም ካብ ምግላጽ
ከንከልክሎምን ናይ ምጽቃጥ ኣገባብ ክንጥቀምን የብልናን፤ እንታይደኣ
ሓሳባቶም ኪገልጹ ኣፍቲዲና፡ ምስኦም ኪንካታዕን ብቅዓ ነቐፌታ ክነ
ቀርበሎምን ኣሎና፡፡ ብዝኸነ መልክዕ ዚገለጽ ገጉይ ሓሳባታት ብዘይ
ምውልዋል ኪንቃወሞ ኣሎና፡፡ ካብ ነቐፌታ ምህዳምን ገጉያት ሓሳ
ባት ከምዱሰዮም ብዘይምቍጽጻር ኪዝርግሑ ስቕ ኢልካ ምርኣዮምን፡ እ
ቲ ዒዳ ከብሕትያ ምግዳፍምን ብርጉጽ ቅኑዕ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዚተ
ቐልቐሉ በታ፡ ጌጋታት ኪውቀሱ፡ መርዛም ጻህያያት ደማ ኪመሓው ኣ
ለዎም፡፡ እንተኾነ ግን፡ እዚ ነቐፌታ እዚ ጠረውታዊ ኪኸውን የብሉ
ን፤ እቲ ሜታፊዚካዊ ደማ ኪዝውተር የብሉን፤ እንታይደኣ እቲ ዝንተ—
መጉታዊ ኣገባብ ኣብ ገብሪ ንምውዓል ብዙሕ ጻዕሪ ኪገብር ኣለዎ፡፡
እቲ ዚዱለ ዘሎ ስነ—ፍልጠታዊ ትንታነን ዘእምን ከትዕን እዩ፡፡ ጠ
ረውታዊ ነቐፌታ ዋላ ሓንቲ ሕቶ ኣየርግእን፡፡ ንሕና ኣንጻር ዚኸነ
ዓይነት መርዛም ጻህያያይ ኢና፤ ግን ኣዩና መርዛም ጻህያይ፡ ኣዩና
ይ ደማ ጽቡቕ ዚሽቶኡ ዕምበባ ምኺኑ ብጥንቃቐ ክንፈሊ ኣሎና፡፡ ም
ስቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኮይንና፡ ነዚም ከልተ ምፍላዮም ክንመሃርን፡ ነቶ
ም መርዛማት ጻህያያት ደማ ቅኑዕ ኣገባብ ተጠቂምና ክንቃለሶም ኣሎ
ና፡፡

ምስ ሃሜንነት ምንቃፍና፡ ንኣገሳስነት ምንቃፍ እውን ከነቕ
ልብ ኣሎና፡፡ ኣገሳስነት ወይከኣ የማናይ—በለጽ፡ ዋላ ካብ ሃሜንነ
ት ንላዕሊ ሓደገኛ ዚኸነ፡ ናይ ብርጅዋ ቅዲ ርእሰ—ሓሳብ ኢዩ፡፡
እቶም ኣገሳስቲ፡ ማለት እቶም የማናውያን ተበለጽቲ ንማርክስነት ኣ
ፈ—ኣገልግሎት ይህብዎ፡፡ "ንሃሜንነት" እውን የጥቕዕዎ፡፡ ግናኸ፡
እቲ ናይ ብሓቂ ዘጥቕዕዎ፡ ነቲ ናይ ብሓቂ እንታይነት ናይ ማርክስ
ነት እዩ፡፡ ንነገርነትን ዚንተ—መጉትን ይቃወምዎ ወይ የዘምብዕዎ፤
ነቲ መሪሕነት ናይቲ ዲባዊ ሰልፍን፡ ነቲ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምል
ከን፡ ነቲ ማሕበርነታዊ ምልውዋጥን ማሕበርነታዊ ምህናጽን ይቃወምዎ
ወይ ንከዳክምዎ ይፍትኑ፡፡ ዋላ ለሚ፡ ዱሕሪ እቲ መሰረታዊ ዓወት

ናይቲ ማሕበርነታዊ ሰውራ ኣብ ሃገርና፡ ርጣሳዊ ስርዓት ኪምሰስ ብሸገት ተሰሩ ዚነበሩ፡ ብኹሉ ገንበራት / እንተሳይ እቲ ስነ—ጣ ሰባዊ ገንባር / ንደርቢ ሰራሕተኛታት ዚቃለስያን ጣያሉ ሰባት ኣለው፡፡ ኣብዚ ቃልቢ እዚ ደጊ፡ ናት ኪደም እቶም ኣገለስቲ እዮም፡፡

ኣብ መጀመርታ፡ እቶም ከልተ ጭርሖታት ሚእቲ—ዕምባባታት ይዕምበብን፡ ሚእቲ ቤትምህርትታት ናይ ርእሰ—ሓሳብ ይካትዑን ደርባዊ ጠባይ የብሎምን ደርቢ ሸቃሎ ናብ ዱላዊ ኪጠውዎም ይክእል እዩ፡ እቲ ብርጃዊ ወይ እቶም ከልኦት ህዝቢ እውን ከምኡ፡፡ ግን፡ ዘተፈላለዩ ደርብታትን፡ ቀጸላታትን፡ ማሕበራዊ ጉጅለታትን፡ ነፍስ—ወከፎም፡ ኣየናይ ጽቡቅ ዝሸተቶ ዕምባባታት ምኳኑ፡ ኣየናይ ደጊ መርዛም ጸህያይ ምኳኑ ነናቶም ኣረኣእያታት ኣሎዎም፡፡ እምበኣር፡ ካብ ኣረኣእዶ ናይቲ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ንጽቡቅ ዘሸታኦም ዕምባባታት ካብ መርዛም ጸህያይ ንምፍላይ መምዘኒ እንታይ ኪኸውን ኣሎዎ? ኣብ ፖለቲካዊ ናብራ ህዝብና፡ ኣብ ናይ ሓደሰብ ቃላትን ግብርን ቀኑዕ ካብ ጊጋ ኪፍለ ኣሎዎ? ብመሰረት መተካላት ቀዋምና፡ ዱሌት ናይቲ ኣዝዩ ዝበዝሐ ህዝብናን፡ ብኹሉን ፖለቲካዊ ሰልፍታትናን ጉጅለታትናን ኣብዚተፈላለዩ ግዜታት ዚተኣወጁ ናይ ሓባር ናይ ፖለቲካ መቀወሚን እቲ መምዘኒ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ከምዚ ዝስዕብ ኪኸውን ኣሎዎ ንብል፡—

1. ቃላትን ግብርን ንናይ ዚተፈላለዩ ብሄራት ህዝብና ንሸመቃቀል ዘይኮነስ፡ ንኪሰምር ኪሕግዝ ኣሎዎም፡፡
2. ንህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ ኪሕንኩሉዎ ወይ ከዳኸምዎ ዘይኮነስ ንኪደልድል ኪሕግዝዎ ኣሎዎም፡፡
3. ንማሕበርነታዊ ምቅይያርን ምህናጽን ጠቓሚ እምበር ጉዳኢ ኪኾኑ የብሎምን፡፡
4. ንዲሞክራስያዊ ማእከልነት ኪሕንኩልዎ ወይ ከዳኽምዎ ዘይኮነስ፡ ንኪደልድል ኪሕግዝዎም ኣሎዎም፡፡
5. ንመሪሕነት ናይ ዒህዊ ሰልፊ ኪነጽግዎ ወይ ከዳኽምዎ ዘይኮነስ ንኪብርትዕ ኪሕግዝዎ ኣሎዎም፡፡
6. ንኣህጉራዊ ማሕበርነታዊ ሓድነትን፡ ንናይ ኣፍቀርቲ ሰላም ህዝቢ ዓለም ሓድነትን ጠቓሚ እምበር ጉዳኢ ኪኾኑ የብሎምን፡፡

ከበዘን ሽዱሽተ መምዘኒታት እዚኣተን፡ እቶም ቀንዲ ኣገደስ
ቲ፡ እቲ ዲብዊ መንገዲንናይታ ሰልፊ መሪሕነትን እዩን እዚ መምዘኒ
ታት እዚ ነቲ ነጻ ከትዕ ናይቲ ኣብ መንገ ህዝቢ ዘርከብ ሕቶታት
ኪዕንቀጽ ዘይኮነስ ከተባብዕ ተባሂሉ ዚቀረበ እዩ፡፡ እቶም ነዚ መ
ምዘኒታት እዚ ዘይቀጽሉ፡ ጌና ናታቶም ርእይቶታት ኣቀሪቦም ኪማጎቶ
ሉ ይከእሉ እዮም፡፡ ዚኾነ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ህዝቢ ዚኽተሉ ንጹር
መምዘኒ ስለዘለዎ፡ ነቐፌታን ርእሰ—ነቐፌታን በቲ ገቡእ ሕንጻጽ ኪ
ገበር ይክእል እዩ፡፡ ከምኡ እውን እቲ መምዘኒ፡ ናይ ሰባት ቃላት
ን ተገባራትን፡ ቅኑዕ ወይ ጌጋ፡ ጥዑም ዘሸቶኦም ዕምባባታትን ወይ
መርዘም ጻህያያትን ምኢኑ ንምፍላይ ኪዝውተር ይከኣል እዩ፡ እዚኣቶ
ም ናይ ፖለቲካ መምዘኒታት እዮም፡፡ ናይ ገድን፡ ብቑዕነት ናይ ስ
ነ—ፍልጠታዊ ከልሰ—ሓሳባት ኣብ ምፍራዱ፡ ወይከኣ ጽቡቕ ናይ ስነ—
ጥበብ ስራሓት ኣብ ምምዛን፡ ዝያዳ ገቡኣት መምዘኒታት የድልዩ እዮ
ም፡፡ ገናኸ፡ እዞም ሽዱሽተ ናይ ፖለቲካ መምዘኒታት እዚኣቶም፡ ኣ
ብ ኩሉ ምንቅስቓሳት ናይ ስነ—ጠበብን ስነ—ፍልጠትን ኪዝውተሩ ዚእ
እሉ እዮም፡፡ ኣብ ከምናትና ዚኣመሰለት ማሕበርነታዊት ሃገር፡ በዘ
ም ሽዱሽተ ናይ ፖለቲካ መምዘኒታት እዚኣቶም ዚቃወም ዚኸነ ስነ—ፍ
ልጠታዊ ወይ ስነ—ጥበባዊ ምንቅስቓስ ከህሉ ይኽእልዶ?

እዞም ኣብላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ርእይቶታት ኣብ ፍሉይ ና
ይ ቺና ታሪኻዊ ኩነታት ዚተመርኮሱ እዮም፡፡ ኩነታት ኣብ ዚተፈላለ
ዊ ማሕበርነታውያን ሃገራትን፡ ምስ ዚተፈላለዉ ዲብውያን ስልፍታትን
ይፈላለ፡፡ ስለዚ፡ ካልኦት ሃገራት ወይ ስልፍታት ነዚ ናይ ቺና መ
ንገዲ ኪኽተልኦ ኣለዎን ኣይንብልን ኢና፡፡

"ነዊሕ ናይ ጎድኒ—ጎድኒ ምንባርን ናይ ሓድሕድ ምክትታልን"
ዘብል ጭርሖ፡ ፍረ ናይ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ቺና እዩ፡፡ ስቕ ኢ
ሉ ብሃንደበት ዚቀረበ ኣይኮነን፡ ድሕሪ ናይ ብዙሕ ዓመታት መስርሕ
ዚተሳዕለ እዩ፡፡ እቲ ናይ ነዊሕ ናይ ጎድኒ—ንጎድኒ ምንባር ሓባብ
ንነዊሕ ኣዋን ኒሩ፡፡ ማሕበርነታዊ ስርዓት ዓሚ ብመስረቱ ምስ ተተ
ከለ፡ እቲ ጭርሖ ብንጹር ቃላት ቀረበ፡፡ ስለምንታይ ናይ ብርጁዋን

ናይ ንኡስ ብርጁዋን ዲሞክራስያውያን ሰልፍታትምስ ሰልፊ ደርቢ ሰራሕተኛታት ንነዊሕ ግዜ ጎድኒ-ንጎድኒ ኪነብሩዶ ኣለዎም? ምኽንያቱ፡ ምስቶም ኣብቲ ንህዝቢ ኣስሚርካ ማሕበርነት ናይ ምትካል ዕማም ነብሶም ዘውፈዩ፡ ብህዝቢ ደማ ዚኣምኑ ናይ ፖለቲካ ሰልፍታት፡ ናይ ነዊሕ ጎድኒ-ንጎድኒ ምንባር ሚሳ ዘይንወስደሉ ምኽንያት የሎን፡ ቺና ድሮ ብስነ 1950፡ ኣብቲ ካልኣይ ኣኼባ ናይቲ ሃገራዊ ሸማግለ ናይቲ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ናይ ምኽሪ ጉባኤ፡ ነቲ ነገር ከምዚ ዚስዕብ ጌረ ኣቕሪብኩዎ፡—

"ሓደ ሰብ ንህዝቢ ከገልግል ፍቓደኛ እንተኾይኑ፡ ኣብ ግዜ ጭንቂ ደማ ንህዝቢ ሓጊዙ እንተኔሩ፡ ቅድም ገበር ጽቡቕ እንተኔሩ፡ ሕጂ እውን ብዘይ ምቁራጽ ይቕጽሉ እንተደኣሉ፡ እቲ ህዝቢ ከነ እቲ ህዝባዊ መንግስትን ኪነጽግዎ ወይ መነባብሮኦ ከካይዱ ንሃገር ደማ ከገልግል ኪኽልከልዎ ወይ ዕድል ኪኸልእዎ ምኽንያት የብሎምን፡፡"

እቲ ኣነ ኣብዚ ዘካታዓሉ ዚነበርኩ፡ እቲ ፖለቲካዊ ሰረት ናይ ነዊሕ ጎድኒ-ንጎድኒ ምንባር ናይ ዚተፈላለዩ ሰልፍታት ነበረ፡፡ ምስቶም ዚተፈላለዩ ዲሞክራስያውያን ሰልፍታት ንነዊሕ መጻኢ ግዜ ጎድኒ-ንጎድኒ ምንባር ናይቲ ዲሰዊ ሰልፊ ድልየትን ሚሳን ኢዩ፡፡ ግን፡ እዞም ዲሞክራስያውያን ሰልፍታት እዚኣቶም ንነዊሕ ምቕጻሎም ወይ ዘይምቕጻሎም፡ ኣብ ድሌት ናይ ዲሰዊ ሰልፊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ከባቢ ከንደይ ነብሶም ከም ዘንጽሁን እምነት ከምዚረኽቡን ዝምርኮስ ኢዩ፡፡ ናይ ሓድ-ሕድ ምክትታል ኣብ መንጎ እቶም ዚተፈላለዩ ሰልፍታት እውን ካብ ቅድም ዚነበረ ርጉጽነት ኢዩ፡፡ ማለት፡ ንነዊሕ ግዜ ንሓድ-ሕደም ይምዓዓዱን ይነቓቐፉን ነይሮም ኢዮም፡፡ ናይ ሓድ-ሕድ ምክትታል ሓደ-ጎድናዊ ከም ዘይኮነ ርኡይ ኢዩ፡፡ እዚ፡ እቲ ዲሰዊ ሰልፊ ነቶም ዲሞክራስያዊ ሰልፍታት ኪኽታተሎም ኣለዎ፡ እቶም ዲሞክራስያውያን ሰልፍታት ደማ ነቲ ዲሰዊ ሰልፍታት ደማ ነቲ ዲሰዊ ሰልፊ ኪከታተልዎ ኣለዎም ማለት እዩ፡፡ ስለ ምንታይ እዩ ነቶም ዲሞክራስያውያን ሰልፍታት ነቲ ዲሰዊ ሰልፊ ኪከታተልዎ ዘፍቀደሎም? ምኽንያቱ፡ ሓደ ሰልፊ፡ ልክዕ ከም ሓደ ውልቀ-ሰብ፡ ካብ ናቶ ዚተፈልዩ ርእይቶታት ንኺሰምዕ ዓቢ ኣድላይነት ኣለዎ፡፡ ናይቲ ዲሰዊ ሰልፊ ምክትታል ብቀዓምነት ብሰራሕተኛ ህዝብን ብኣባላት ናይ

ቲ ስልፊን ከም ዘገበር ኩሉትና ንፈልጥ ኢና፡ ግን ህላወ
ናይተን ዲሞክራሲያውያን ሰልፍታት ውን ደጋፊና ኢዩ፡፡ግን፡
እቲ ኣብ መንጎ ዲባዊ ሰልፍን እተን ዲሞክራሲያውያን ሰልፍታት
ንዘገበር ናይ ምዓደን ነቓፈታን ምልውዋጥ፡ ምስቲ ኣብ ሳዕሊ
ዚተጠቕሰ ሰሕት ናይ ፖለቲካ መምዘኒታት ዚሰማማዕ ምስ ዘኽው
ን ጥፉይ ኴፉ ሓደ እመታ ናይ ምክትታል ተራ ኪህልያ ዘኽእል፡፡
እምበኣርከስ፡ ምስቲ ዑሌታት ናይቲ ሓዲሽ ሕ/ሰብ ምእንቲ ኪሰ
ዕቡ፡፡ ኩሎም ቶም ዲሞክራሲያውያን ሰልፈታት ነቲ ባህረ—ሓሰባዊ
ከም ብሓዱሽ ምህናጽከ ቃልቡን፡ ምስቲ ዲባዊ ሰልፊ ንነዊሕ ግ
ዱኒ ንጎዱኒ ንምንባርን ናይ ሓደ—ሕዱ ምክትታልን ንምህላውን
ድማ ንኪጽዕረን ተስፋ ንገብር፡፡

## ፲ ብዛዕባ ብውሑዳት ሰባት

## ዚፍጠር ህውከት ሕቶ

ብ1956፡ ኣብ ገሊኡ በታታት፡ ውሑዳት ሰራሕተኛታት ወ
ይ ተማሃራይ መዓልታዊ ስርሖም ኣቋረጹ፡፡ እቲ ቀጽበታዊ መንቀሊ
ናይዚ ህውከት'ዚ፡ ንገሊ ካብቲ ንነገራዊ ጠቕምታት ዘቕርብያ
እማመታት ዘይምምላእ ነበረ፡፡ ገሊ ካብዘም እማመታት እዚኦም
ኪማልኡ ዘኽእሉን ዘገብኦምን ኢዮም ፔርም፤ ገሊኦም ግን በታ
ኦም ዘለቕቑወይ ካብ ጕቡእ ዚሓለፉ፡ ቡዚ ድማ ንገዚኡ ኪማል-
ኡ ዘይክእሉ ነበረ፡፡ ካብዚ ዚያዓ ኣገዳሲ መንቀሊ ግን፡ ብሽ
ነኽ መሪሕነት ዚነብር ቢሮክራሲ ኢዩ፡፡ ኣብ ገሊኡ ኩነታት፡
ናይ ከምዚኦም ዚኣምበሉ ቢሮክራሲያውያን ጊጋታት ኣብእተ ሳዕለ
ያት ሰበ—ስልጣን ይወዱቕ፤ እቶም ኣብቲ ታሕተዋይ ደረጃታት ዘ
ሉው ድማ መሊኦም ዚውቀስሉ ኣይኮነን፡፡ ካልእ መንቀሊ ናይዘም
ህውከታት ዚኦም ድማ፡ ጉዱእ ባሕረ— ሓሰበውን ፖለቲካውን ትም
ህርቲ ኣብ መንጎ ቶም ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ኢዩ፡፡ ኣብቲ
ዓመት'ዚ፡ ገለ ኣባላት ናይ ሕርሽዊ ተራዳኣታት'ውን ህውከት
ፈጢረ፤ ኣብዚ'ውን እቶም ቀንዲ መንቀሊታት ቢሮክራሲ ብሽነኽ
መሪሕነትን፡ ነቲ ሓፋሽ ድማ ዘይምምሃርን ኢዮም፡፡

ገለ ሰባት፡ ናብ ቀዳስታውን፡ ከፊላውን፡ ገላውን ረብ

ሓታት ገጾም ናብ ምቕላብ ዘድህቡን፡ ናይ ነዊሕ ግዜን፡ ሃገራውን
ሓባራውን ረብሓታት ፈጺምም ወይ ኣብ ቲዓም ዘይርድኡን ከምዚኹ ኪአ
መን ዘለዎ ሓቂ እዩ፡፡ ሓያሉ መንእሰይ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ተ
መከር ስለዚጎድሎም ኣብ መንጎ ኣረጊትን ሓዳስን ፎና ንዘሎ ፍልልይ
ኪርድኡዎ ኣይክእሉን እዮም፤ ከምኡ እውን ነቲ ህዝብና ካብ ጭቆና
ሃጸያውያንን ኮምፕራዶራትንን ኣድሓርሓርቲ ሓራ ንኪኾኑ ኣብ ዚገበርያ
ቓልቢ ዘሕልፍዎ ጭንቂ ወይ ነቲ ቀዶም ሓደ ፍስሃ ዚመልኦ ማሕበር
ነታዊሕ ጦብ ምትካል ዘዱሊ ናይ ነዊሕ እዋን ሃሳቢ ስራሕ መሊኡም
ንኪርድኡዎ ቀሊል ኣይኮነን፡፡ በዚ ከኣ ኢዩ ከዩቋረጽና ኣብ መንጎ
እቲ ህዝቢ ሂወት ዘለዎን ብቕዐን ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከነካይድ፡ ነ
ቲ ብዛዕባ ዚኸነ ዚቅልቀል ሸገራት ዘሎ ሓቂ ከንነግሮም፡ ነዚ ሸገ
ራት እዚ ከመይጌርካ ከም እትሓልፍ እውን ምስኦም ከንካታዓሉ ዚገባ
ኣና፡፡

ንሕና ኣንጻር ህወከት ኢና፤ ምኽንያቱ፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ
ዘሎ ገርጭታት፡ ምስቲ "ሓድነት፡ ነቐፌታ፡ ሓድነት" ዝብል ቀዋም
ብምስማዕ ኪፍትሑ ይክእሉ እዮም፤ ህወከታት ገን ናይ ገድን ገለ
ኪሳራ ዘምጽኡ፡ ንምዕባለ ማሕበርነት ደማ ዘይምቹኣት እዮም፡፡ ነቲ
ሓፋሽ ህዝቢ ንዲስነት ከም ዚድግፍን ስነ—ስርዓት ከም ዘኽብርያን፡
ርትዓዊ ከምዚኾነን፡ ብዘይብቕዐ ምኽንያት ደማ ኣብ ህወከታት ከም
ዘይካፈሉን ንኣምን ኢና፡፡ እዚ ማለት ገና፡ ኣብ ሃገርና ህወከት
ኪሠሉ ኣይክእልን እዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ
ኣብዘም ዚስዕቡ ከነቓልብ ኣሎና፡—

1. ብምኽንያት ህወከታት ሚሒና ምእንቲ ከነውጽኦ፡ ንቢርክ
ራሲ ከነጥፍእ፡ ስነ—ሓሳባውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ኣዚና ከነማሓ
ይሽ፡ ንኩሉ ገርጭታት ደማ ብግቡእ ከንኣሊ ኣሎና፡፡ እዚ እንተደኣ
ተጌሩ፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ህወከት ኣይክህሉን እዩ፡፡

2. ካብ ናትና ናይ ስራሕ ጉድለት ሁወከት እንተተሳዒሉም፡
ነቶም ዚሳዓሉ ሰባት ናብቲ ቅኑዕ መንገዲ ከንመርሖም፡ ነቲ ህወከታ
ት ደማ ከም ሓደ ፍሉይ ናይ ስራሕና መማሓየሽ ንካድራትን ሓፋሽን
መምሃሪን መሳርሒ ከንጥቀመሉ ኣሎና፤ ነቶም ቀዶም ከይተፈትሑ ዚተረ
ፉ ሸገራት ከኣ መፍትሒ ከንረክበሎምን ይግባኣና፡፡ ንዚኸነ ህወከ
ት ኣብ ምእሳይ፡ ናይ ትንከፍ—ትንከፍ ኣገባብ ከይተከተልና፡ ወይ
ብታህዋኽ ነቲ ነገር ተዓጽዩ ኢልና ከይወሰንና፡ ብጥንቃቐ ከነስርሕ

ይገባኣና፡፡ ብዘይካ እቶም ብሕጊ ከቀጽዑ ዘለዎም ኣዝዩ ገበናዊ ስገምትታት ዚወስዱ፡ ወይ እቶም ንጡፋት ጸረ—ሰውራውያን እቶም ናይ ህውከታት መራሕቲ ብሓፈሻ ካብ ስረፆም ኪስጉጉ የብሎምን፡፡ ኣብ ከም ሃገርና ዚኣመሰለት ገፋሕ ሃገር ውፁዓት ሰባት እንተዕገርገሩ ዘሻቅል ነገር ኣይኮነን በኣንጻሩ፡ ከምዚኦም ዚኣመሰሉ ህውከታት ንቢርከራቢ ንከጥፍእ ኪሕግዙና ኢዮም፡፡

ኣብ ሕ/ሰብና፡ ህዝባዊ ረብሓ ከይገደሰም ደይመደይ ኢሎም ሕጊ ዘፍርሱን ገበናት ዚፍጽሙን ገለ ሰባት እውን ኣለው፡፡ ንሚሊታትና ከምመስሎኺ ተጠቒምም ይጠውዩያም፣ ነቲ ህዝቢ መታን ከተባስኣያ ኮነ ኢሎም ዘይርትዓውያን እማመታት ይሓቱ፣ ወይከኣ ህውከት ንኪፈጥሩን ህዝባዊ ጸጥታ ኪዘርጉን፡ ብፍሉጥ መሰረት ንዘይብሉ ዘረባ ከም ሓቂ ኣምሲሎም ኣብ ህዝቢ ይዝርግሕዎ፡፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም በቲ ዘለውዎ ከምድሉዌም ኪቀጽሉ ንገደፎም ኣይንብልን፡፡ በኣንጻሩ፡ ኣንጻርም ገቡእ ሕጋዊ ተገባር ኪውሰዱ ኣለዎ፡፡ ንከምዚኦም ዚኣመሰሉ ሰባት ምቅጻዕ ናይ ሓፈሻ ሕማም እዩ፣ ነዞም ሰባት እዚኦም ዘይምቅጻዕ ከኣ ኣንጻር ህዝቢ ምካድ ማለት እዩ፡፡

## ፱ ሕማቅ ነገራት ናብ ጽቡቅ ነገራት ኪቕየሩ'ዶ ይኽእሉ እዮም?

ኣብ ሕ/ሰብና፡ ከምቲ ዚበልናዮ፡ ገለ ሰባት ህውከት እንተደኣ ጌሮም ሕማቅ እዩ፣ ኣይንድግፎን ኢና፡፡ ግናከ ህውከታት እንተደኣ ተገይሮም፡፡ ሓደ ትምህርቲ ክንቕስም፡ ንቢርከራቢ ከነስንፍ ከምኡ እውን ንካድራትን ሓፈሻን ክንምህር ይሕግዙና፡፡ በዚ መንገዲ እዚ ሕማቕ ነገራት ናብ ጽቡቅ ነገራት ኪለወጡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ህውከታት እምበኣርከስ ድርብ ጠባይ ኣለዎም፡፡ ዚኮነ ህውከታት በዚ መንገዲ እዚ ኪሕሰብ ይከኣል እዩ፡፡

ናይ ሁንጋሪ ፍጻመታት ጽቡቕ ከምዘይነበረ ኩሉ ዝፈልጦ ኢዩ::
ግን: ንሰቶም እውን ክልተ ጠባይ ነበሮም:: እቶም ሁንጋሪውያን
ብጾት ኣብ ጉዕዞ እቲ ፍጻመታት ገቡእ ስጉምትታት ስለ ዘወሰዱ: እ
ቲ ሕማቕ ዚነበረ ኣብ መወዳእታ ናብ ጽቡቕ ተቐየረ:: መንግስቲ ሁ
ንጋሪ ሕጂ ምስ ዝያዳ ጽንዓት ተተኺላ ትርከብ፣ ኣብ ርእሲ.
ኩለን ኣብቲ ማሕበርነታዊ ቀጽሪ ዘሎዋ ካልኦት ሃገራት እውን: ካብ
ካ ሓደ ትምህርቲ ረኺበን ኣለዋ::

ብተመሳሳሊ: እቲ ኣብቲ ዓሕረዋይ ፍርቂ ናይ 1956 ኣብ
ምሉእ ዓለም ኣንጻር ዲሰነትን ህዝብን ዚገበር ዚነበረ ዘመተ: ናይ
ገዲ ሕማቕ ነገር ነበረ:: ግን: ንዲባውያን ስልፍታትን ንደርቢ ሰ
ራሕተኛታትን ናይ ኩለን ሃገራት ማሃረን ባጢሉን፣ ስለዚ ደማ ናብ
ጽቡቕ ነገር ተቐየረ:: ኣብቲ ጽቡቕ ኩነታት ናይዚ እዋን እዚ:
ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብዙሓት ሰባት ካብቲ ዲባዊ ሰልፊ ወጹ:: ካብ
ቲ ሰልፊ ምውጻእ ነቲ ቀጽሪ ኣባላት የውሕደ፣ ናይ ገድን ከኣ ሕማ
ቕ እዩ:: ግን ንሮኹ እውን ሓደ ጽቡቕ ወገን ኣለዎ:: ከቀጽሉ ዘ
ይደልዩ ወለቕ ዘለቕ ዝብሉ ባእታታት ኢደም ሲሒቦም ኣለው፣ እቶም
ዝበዝሑ ጽሩያት ኣባላት ናይቲ ሰልፍና ግን: ነቲ ቃልሲ ብዝያዳ ጽ
ኑዓም ሰሚርሙሉ ኣለው:: እዚ ጽቡቕ ነገርዶ ኣይኮነን?

ከነጠቓልሉ: ንሽግራት ብኩሉ ኩርናዓት ምርኣይ ኪንምሃር ኣ
ሎና፣ ማለት እቲ ቀዳማይ ገጽ ናይ ነገራት ከነ እቲ ገምጣሉ ምርኣ
ይ ኣሎና:: ኣብ ፍሉይ ኩነታት: ሓደ ሕማቕ ነገር ናብ ጽቡቕ ፍረ:
ሓደ ጽቡቕ ነገር ደማ ናብ ሕማቕ ፍረ ኪመርሕ ይከኣል እዩ:: ቅዱ
ሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት: ላኦጹ ከምዚ በለ፣ "ጽቡቕ ዕድል: ኣብቲ ሕ
ማቕ ይርከብ፣ ሕማቕ ዕድል ኣብቲ ጽቡቕ ይሕባእ::" እቶም ጃፓናው
ያን ኣብ ቺና ምስኣተዉ: ነዚ ዓወት በሉዎ:: ዓቢ መሬት ቺና ተታ
ሒዙ ነበረ፣ እቶም ቺናውያን ከኣ ነዚ ስዕረት በልዎ:: ግናከ: ና
ይ ቺና ስዕረት: ዘርኢ ናይ ዓወት ሰበር፣ ናይ ጃፓን ዓወት ደማ:
ዘርኢ ናይ ስዕረት ነበር ታሪኽ ነዚ ብግብሪ ኣየመስከረን?

ኣብ ምሉእ ዓለም ዘሎ ሰባት ሕጂ ብዛዕባ ምጅማር ሳልሳይ
ውግእ ዓለም ይካትዑ ኣለው:: ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ እውን: ሓንጎ
ልና ኣብሊሕና ክንቅረብን: ዘዳሊ ትንታነ ክንገብርን ኣሎና:: ንሕና

ብጽኑዕ ንሰላም ንድገፍ ንውግእ ደማ ንቃወም፡፡ ግን፡ ሃጸያውያን ካልእ ውግእ ዓለም ንምጀማር ዚደፍእሉ እንተደኣ ኮይኖም፡ ካብኡ ክንፈርሖ የብልናን፡፡ ኣረኣእያና ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብዝኾነ ህውከት ዘሎና ኣረኣእያ እዩ፣ ቀዳማይ፡ ኣንጻሩ ኢና፣ ካልኣይ፡ ካብኡ ኣይንፈርሖን ኢና፡፡ ኣብቲ ቀዳማይ ውግእ ዓለም፡ 200 ሚልዮን ዝህዝባ ቦልሸቪክ ሕብረት ተወልደት፡፡ ድሕሪ እቲ ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ እቲ ብድምር 900 ሚልዮን ህዝቢ ዝሓዘ ማሕበርነታዊ ቀጽሪ በቘለ፡፡ እንተደኣ ሃጸያውያን ሳልሳይ ውግእ ዓለም ኪጀምሩ ተኺኢሎም፡ ገና ብዙሓት 100 ሚልዮናት ናብ ማሕበረውነት ከምዚቕየሩ ጥርጥር የልቦን፣ ሽዑኡ ደማ ኣብ ዓለም ንሃጸያውያን ዚኾውን መጋማጠሊ መሬት ኣይክህሉን ኢዩ፣ ናይ ሃጸይነት ህንጻ ብምሉእ እውን ኪይዓነው ኣይክተርፍን እዩ፡፡

ኣብ ፍሉይ ኩነታት፡ ነፍስ—ወከፍ ናይቶም ክልተ ኣንጻር ተምሳሳት ናይ ሓደ ገርጭት፣ ብናይ ሓድሕዶም ቃልሲ ናብቲ ኣንጻሩ ይልወጥ፡፡ ኣብዚ እቲ ኩነታት ኣድላዪ እዩ፡፡ ብዘይካ ኣብቲ ፍሉይ ኩነታት እቲ፡ ዋላ ሓደ ካብዚም ተጻረጠውቲ ተምሳሳት ናብቲ ኣንጻሩ ኪመሓሳሰፍ ኣይክእልን እዩ፡፡ ካብ ኩሎም ኣብ ዓለም ዘለው ደርብታት፡ እቲ ቀዳማይ ካብ በቶኡ ኪልወጥ ዘመኑ ደርቢ፡ ደርቢ ሸቃሎ እዩ፣ ድሕሪኡ ከኣ ሓውሲ ሸቃላይ፣ ምኽንያቱ፡ እቲ ቀዳማይ ዋላ ሓንቲ የብሉን፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ካብኡ ብዙሕ ዝሓይሽ ኣይኮነን፡፡ ሕጂ ዘሎ ኩነታት፡ ማለት እዚ መንግስቲ ኣመሪካ ንመብዛሕተኦን ኣብ ሕ መንግስታት ዓለም ዘለዋ ሃገራት ኣብ ኢዳ እትሕዘሉ፡ ንብዙሓት ክፍልታት ናይ ዓለም ከኣ ከም ድላያ እትሕምበጠሉ ኩነታት ግዜያዊ ኢዩ፣ ኪቕየር ከኣ ኢዩ፡፡ ናይ ቺና ኣብ ኣህጉራዊ ጉዳያት ምክፋል ዚተነፍገት ድኻ ሃገር ምኳን እውን ኪቕየር እዩ—እታ ድኻ ሃገር ናብ ሃብታም፡ እታ መሰል ዚተነፍገ ሃገር ናብ መሰል ዚተዋህበ ክልወጥ ኢዩ—ምልውዋጥ ነገራት ናብ ኣንጻርም፡፡ ኣብዚ፡ እቲ ወሳኒ ኩነታት፡ እቲ ማሕበርነታዊ ስርዓትን፡ ጽኑዕ ጻዕሪ ናብ ሓደ ስሙር ህዝብን ኢዩ፡፡

## ብዛዕባ ምቅጣብ

ኣብዚ ኣሕጽር ኣቢሉ ብዛዕባ ኢኮኖሚያዊ / ምቅጣብ ከዛረብ ገይደሉ። መጠነ—ሰፊሕ ምህናጽ ከንገብር መሪጽና፣ ገና ሃገርና ገና ደኻ እያ—እዚ ሓደ ገርጭት እዩ። ሓደ እዚ ገርጭት ዘፍታሓሉ መንገዲ፣ ብዘይ ሕሉል ጻዕሪ ኣብ ኩሉም ጫፋታት ጥንቁቅ ቁጠባ ምግባር እዩ።

ኣብ ግዜ ናይ ባን ፋን / ወይ ከካ ናይ ሰለስተ ኣንጻራት / ምንቅስቓስ ብ1952፣ ኣንጻር ጸይቅን፣ ምብልሻውን ቢሮክራስን፣ ብዝያዳ ኣንጻር ጸይቂ ምትኳር ተቓሊስና። ብ1955 ንምቁጣብ ደፋእናሉን ተዓዊትናሉን። ነዚ ብዘይመጠን ሰዕሊ ዝኮነ ደረጃ ናይ ዘይማእቶታዊ ዕማማት ምህናጽ ርሒል ተቓዊምና። ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ማእቶት ናይ ጥረ ነገራት ምቁጣብ ከገበር ከምዘለዎ ቀንዲ ደፋእና። ገናኸ፣ ኣብቲ ግዜ እቲ ቁጠባ ከም ሓደ መራሒ መትከል መጠን ብልቢ ኣብ ኩሉ ጨንፈራት ናይ ሃገራዊ ኢኮኖሚ፣ ወይ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈታትን፣ ናይ ሰራዊት ኣሃዱታት፣ ቤትምህርትታት፣ ህዝባዊ ውድባት ደማ ብሓፈሻ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ሎሚ ዘመን ኣብ ኩሉ ዓንኬላት ሃገርና ቁጠባ ምግባር ምብልሻው ምውጋድ ንሓትት ኣሎና። ኣብ ናይ ምህናጽ ሰራሕ ገና ተመኩሮ ይጉድለና እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረብ ዓመታት፣ ዓበይቲ ዓወታት ተጨቢጡ እዩ፣ ግን ምብልሻው እውን ኔሩ እዩ። ኢንዱስትሪና ንምህናጽ በብስጉምቲ ብዙሕ መጠነ—ሰፊሕ ዘመናዊ ቀኒ—ህንጻታት ከንተክል ኣሎና። ብዘይ እዚ፣ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ዕስራ—ዓመታት ንሃገርና ናብቲ ሓንቲ ሓያል ዘመናዊት ኢንዱስትራዊት ስልጣን ክንለውጣ ኣይንክእልን ኢና ገናኸ፣ መብዛሕትኦም ቀኒ—ህንጻታትና በዚ መጠን እዚ መሰረት ከሰርሑ የብሎምን። ዚለዓለ ቁጠባ ንምግባርን፣ ብዝያዳ ገንዘብ ብዙሕ ፍረ ንምርካብን ዝያዳ ናኣሽቱን ማእከሉትን ቀኒ—ህንጻታት ክንተክል፣ ነቲ ካብቲ ናይ ኣረጊት ሕ.ሰብ ዝተረፈ ኢኮኖሚያዊ መሰረት ደማ ብምሉኡ ክንጥቀመሉን ኣሎና። እቲ ናይ ጥንቃቀ ቁጠባ ምግባር ንኣንጻር ምብልሻው እውን ምቅሳስን መትከል፣ ካብ ቀደም ዝተረፈ ቃል በቲ ካልኣይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይቲ ማእከላይ ሽማግለ ዒባዊ ሰልፊ ቺና ብሕዳር 1956 ካብ ዝቀርብ ጀሚሩ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ኣዋርሕ ጽቡቕ

ፍረ ይረክ ኣሎ፡፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ቍጠባ ዘመተ፡ ብሓደ ምሉእን
ቀጻሊ መንገዲ ክካየድ ኣለዎ፡፡ ልክዕ ከምቲ ነቐፈታ ናይ ዝኾነ ከ
ልክ ኣበሳት ወይ ጌጋታት፡ እቲ ናይ ኣንጻር ምብልሻው ቃልሲ ምስ
ገጽ ምሕጻብ ኪመሳሰል ይኽእል እዩ፡፡ ሰባትዶ ኣብ መዓልቲ ገጾም
ኣይሕጽብዎን ኢዮም? ናይ ቺና ዲባዊ ሰልፊ፡ እቶም ዲሞክራስያውያን
ሰልፍታት፡ ኣብ እቶም ሓደ ሰልፊ ዘይትኣስሩ ዲሞክራስያውያን፡ እቶ
ም ምሁራትን ኢንዱስትራውያንን ነጋደን፡ እቶም ሰራሕተኛታትን ገባር
ን ኪነ—ጥበባውያንን—ብሓጺሩ፡ ኩሉ ሸዱሽተ ሚልዮን ህዝብና ንዝሳዓ
ለ ማእቶትን ቍጠባን ኣንጻር ዝደዓነትን ምብልሻውን ክጽዕሩ ኣለዎም፡፡
እዚ ብኢኮኖሚያዊ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብፖለቲካዊ መንገዲ እውን ቀዳማ
ዊ ኣገዳስነት ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ቀረብ እዋን፡ ኣብ መንጎ ብዙሓት ኣ
ካየድቲ ስራሓትና፡ ሓደ ሓደገኛ ዝምበለ ይረክ ኣሎ—ኣብ ራሀዋን ጭ
ንቀን ናይቲ ሓፋሽ ከትካፈል ዘይምድላይን፡ ንገሳዊ ዝናን መከበብን
ምግዳስን፡፡ እዚ ኣዝዩ ሕማቕ እዩ፡፡ ሓደ ነዚ ሸገር እዚ እነሰን
ፈሉ መንገዲ፡ ኣብ ጉዕዞ ናይቲ ማእቶት ናይ ምውሳክን ቍጠባ ናይ
ምግባርን ዘመተና፡ ነተን ውድባትና ምቅላል፡ ከምኡ እውን ንካድራት
ናብ ዚተሓተ ደረጃታት ኣውሪድና፡ ካብቶም ናብማእቶታዊ ስራሕ ከም
ዚምለሱ ምግባር እዩ፡፡ ሃገርና ሓንቲ ዓባይ ማሕበርነታዊት ሃገር
ምኳን፡ ግን ብኢኮኖሚ ድሕርትን ድኻን ምኳና፡ እዚ ክኣ ሓደ ዓቢ
ገርጭት ከምዘኮነ፡ ኩሎም ካድራትናን ህዝብናን ብዘይምቅራጽ ኣብ
ሓንጎሎም ከምዘስፍርዎ ምግባር ኣሎና፡፡ ንቺና ሃብታምን ሓያልን ም
ግባር፡ ብዙሕ ዕስራ ዓመታት— ናይ ብርቱዕ ጻዕሪ የድሊ፡፡ እዚ ከ
ክ ኣብ ርእሲ ከልክ ነገራት፡ ጥንቃቐ ቍጠባ ምግባርን ኣንጻር ምብ
ልሻው ምቅዃስን፡ ማለት እቲ ንሃገርና ብብርቱዕ ጻዕርን ምቁጣብን
ናይ ምህናጽ ሜላ ይሓትት፡፡

## ናይ ቺና ጎደና ናብ ኢንዱስትሪነት

ናይ ኢንዱስትሪነትና ጎደና ኣብ ምግላጽ፡ እቲ ኣብዚ ቀንዲ
ተገዲሶሉ ዘለኹ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዕብየት ናይ ከቢድ ኢንዱስትሪን
ፈኲስ ኢንዱስትሪን፡ ሕርሻን ዘሎ ዝምድና እዩ፡፡ ናይ ቺና

ኢኮኖሚያዊ ህንጻ ሰረት ከቢድ ኢንዱስትሪ ምዃኑ ክረጋገጽ ኣለዎ፡፡
ተወሲኹ፡ ንምዕባለ ናይ ሕርሻን ፈኲስ ኢንዱስትሪን ምሉእ ተገዳስነ
ት ኪወሃቦም ኣለዎ፡፡

ቻይና፡ ብመጠን ካብ ሚእቲ ንላዕሊ ካብ ህዝባ ኣብ ገጠር ዚ
ነብር ሓንቲ ዓባይ ሕርሻዊት ሃገር ስለዝኾነት፡ ኢንዱስትሪን ምስ
ሕርሻ ብሓንሳብ ክምዕብል ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ፡ እዚ ምስዝኾውን ጥራ
ይ እዩ ኢንዱስትሪ ጥረ—ነገራትን ዕዳጋን ምርካቡ ዘረጋግጽን፡ ሓደ
ሓያል ዝኾነ ከቢድ ኢንዱስትሪ ንምህናጽ ድማ ብዝሕ ዝበለ ገንዘብ
ምእካብ ዝኽእለን፡፡ ፈኲስ ኢንዱስትሪ ምስ ሕርሻ ኣዝዩ ዚተዛመደ
ምዃኑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ፡፡ ብዘይሕርሻ ፈኲስ ኢንዱስትሪ ክህሉ ኣይ
ክእልን እዩ፡፡ ሕርሻ ንከቢድ ኢንዱስትሪ ሓደ ኣገዳሲ ዕዳጋ ክምዚ
ክፍተሉ ግን፡ ክባብ ክንደዚ ርዱእ ኣይኮነን፡፡ እንተኾነ ግን፡
ደረእታዊ ገስጋሲ ካብ ኪነታዊ ምምሕያሽ ንሕርሻ ዘመናዊ መግበር፡
ብዝያዳ መኻይን ደሓሪ ምዕቛር ማይ፡ ናይ ሓይሊ ኤለክትሪክ ትካላት፡
ነቲ ሕርሻታት ዘገልግል መጉዓዝያ፡ ከምኡ እውን ነቶም ናይ ገጠር
ህዝቢ ዝኾውን ናውቲ ምህንዳስን ነዳዲን ምስ ደለየ፡ እዚ ሓቂ እዚ
ክበርህ ክረኢ እዩ፡፡ ኣብ ግዜ ናይቲ ካልኣይን ሳልሳይን ናይ ሓሙ
ሸተ ዓመት ውጥናት፡ ኣብ ሕርሻና ዝያዳ ምዕባለ ክንረክብ እንተደኣ
ኪኢልና፡ እቲ ሃገራዊ ኢኮኖሚ ብምሉኡ ሓፍ ክብል እዩ፡፡ ሕርሻን
ፈኲስ ኢንዱስትሪን ምስ ዘምዕብሉ፡ ከቢድ ኢንዱስትሪ ድማ ዕዳጋኡን
ገንዘቡን ተረጋጊጹሉ፡ ብዝያዳ ቅልጣፈ ክዓቢ እዩ፡፡ ኣምበኣርከስ፡
እቲ ዝሓሸ ክመስል ዝኽእል ምዕባለ ናይ ኢንዱስትሪነት፡ ናይ ብሓቂ
ካብ ክንዲቲ ዝሓሸ ኣከኸውንን ኢዩ፡ ብሓቂ እውን ዝቀልጠፈ ክከው
ን ይኽእል እዩ፡፡ ምስቲ ቀረብ ካብ ትሽዓተ ሚእቲ ሺሕ ቶን ልዕል
ዝበለ ብ1943 ቀደሚ ሓርነት ዚተረከበ ዝለዓለ ምህርቲ ናይ ሓጺን
ተዋዳዲሩ፡ ኣብ ሰለስተ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውጥናት፡ ወይ ካብኡ
ንውሕ ዝበለ ግዜ፡ ናይ ቻይና ዓመታዊ ናይ ሓጺን ምህርቲ 20000
000 ቶናት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ክበጽሕ ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ነቲ
ኣብ ከተማ ዘሎ ይኹን ኣብ ገጠር ዘሎ ህዝቢ ክሕጎስ እዩ፡፡

ኣነ ሎሚ ብዛዕባ ኢኮኖሚያዊ ሕቶታት ኣንፃሑ ክዛረብ ኣይኮ
ንኩን፡፡ ኣብ ኢኮኖሚያዊ ምህናጽ ዘጊት ሸብዓተ ዓመትና ጥራይ ብም
ዃኑ፡ ገና ተመኩር ይጐድለና ኢዩ፣ ክንረክቦ ከኣ የድልየና፡፡ ተመ
ክር ናይ ሰውራ እውን ክንጅምር ከሎና ኣይነበረናን፣ ድሕሪ ብዙሕ
ምውዳቅን ምትባእን፡ ተመክር ምድላብን ጥራይ ኢና ኣብ ሃገርና ምሉ
እ ዓወት ዚተጎናጸፍና፡፡ ሕጂ ካባና ዚድሊ ዘሎ፡ ነቲ ናይ ኢኮኖሚ
ያዊ ምህናጽ ተመክር ንምድላብ ዘወስደልና ግዜ፡ ካብቲ ናይ ሰውራ
ተመክር ንክንቕስም ዘወስደልና ግዜ ዝሓጸረ ክንገብሮን፡ ዘወሓደ ዋ
ጋ ክንከፍለሉን ኢና፡፡ ናይ ግድን ገለ ዋጋ ክንከፍል ኣሎና፣ ገና
ክምቲ ኣብ ግዜ ናይቲ ሰውራ ዝኸፈልናዮ ልዑል ንክይከውን ተስፋ ን
ገብር፡፡ ኣብዚ ሓደ ገርጭት ክምዘሎ ክንፈልጦ ኣሎና—እቲ ኣብ መን
ጎ ውድዓዊ ሕግታት ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብን ኣብ
መንጎ ናትና ናይዘም ነገራት እዚኦም ባዕላዊ ምርዳእና ዘሎ ገርጭት
እዚ ገርጭት እዚ ድማ፡ ኣብ ጉዕዞ ገብሪ ክፍታሕ የድሊ፡፡ እዚ ገ
ርጭት እዚ ከም ሓደ ኣብ መንጎ ዚተፈላለዩ ሰባት ዘሎ ገርጭት፡
ማለት ኣብ መንጎ እቶም ቀኑዕ ምርዳእ ናይዘም ውድዓዊ ሕግታት ዘለ
ዎምን፡ እቶም ናይዘም ውድዓዊ ሕግታት እዚኦም ዘይቅኑዕ ምርዳእ
ዘለዎምን ሰባት ዘሎ ገርጭት ኮይኑ እውን ይገልጽ እዩ፣ እዚ እውን
ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ዘሎ ገርጭት ኢዩ፡፡ ዚኮነ ገርጭት ውድዓዊ
ርጉጽነት ኢዩ፣ ብዝካኣል ብቐኑዕ ክንርድኦን ክንፈትሖን ድማ ግዲታ
ና እዩ፡፡

ንሃገርና ናብ ሓንቲ ኢንዱስትሪያዊት ሓይሊ ምእንቲ ክንለው
ጣ፡ ካብቲ ዝሰጎመ ተመክሮ ናይ ሶቬት ሕብረት ተጊህና ክንምሃር ኣ
ሎና፡፡ ሶቭየት ሕብረት ዲስነት ምህናጽ ካብ ትጀምር ኣርባዕተ ዓመ
ት ኮይኑ ኣሎ፣ ተመኩራኣ ድማ ናዓና ኣዝዩ ጠቃሚ እዩ፡፡ እስከ ከ
ምዚ ኢልና ንሕተት፡— መንዩ እቲ ብዙሕ ፋብሪካታት ሃኒጹ ዘመስረተ
ልና? ሕ/ሃገራት ኣሜሪካ ዶያ ኔራ? ወይ ዓዲ እንግሊዝ? ኣይኮነን
ክልቲኦን ኣይኮናን፡፡ ሶቭየት ሕብረት ጥራይ ኢያ ከምዚ ክትገብር
ፍቓደኛ ዝነበረት፣ ምኽንያቱ ከኣ፡ ማሕበርነታዊት ሃገርን ባዓልቲ
ቃል—ኪዳንናን ስለ ዝኾነት ኢያ፡፡ ብጀካ ሶቭየት ሕብረት፡ ገለ ና
ይ ምብራቕ ኤውሮጳ ኣሓት ሃገራት እውን ገለ ሓገዝ ሂበናና ኣለዋ፡፡

ካብ ጽቡቕ ተመኩሮ ናይ ኩለን ሃገራት፡ ማሕበርነታውያንን ይኹና ር
ማሳውያን፡ ኸንመሃር ከምዘሎና ርጉጽ ሓቂ እዩ፣ ብዛዕባ እዚ ነጥቢ
እዚ ዘካትዕ የለን። እቲ ቀንዲ ነገር ግን፡ ገና ካብ ሶቭየት ሕ
ብረት ምምሃር እዩ። ካብ ካልኦት ምምሃር ብዝምልከት፡ ክልተ ዝተ
ፈላለዩ ኣረኣእያታት ኣሎ። እቲ ሓደ ንዝኾነ ነገር ከምዘለዎ፡ ም
ስ ኩነታትና ዘሰማምዕ ይኹን ኣይኹን፡ ናይ ምውሳድ ሃሜናዊ ዝምበሉ
ኢዩ። እዚ ጽቡቕ ኣይኮነን። እቲ ካልእ ዝምበለ ዶማ፡ ሓንጎልና
ተጠቒምና፡ ነቶም ምስ ኩነታትና ዘሰማምዑ ነገራት ምምሃር፣ ማለት፡
ንዓና ጠቓሚ ዝኾነ ተመኩሮ ምውሳድ ማለት እዩ። እዚ እዩ እቲ
ክንረግጸሉ ዘሎና ኣረኣእያ።

ምስ ሶቭየት ሕብረት ዘሎና ምትእስሳር ምድልዳል፣ ምስ ኩሉ
ን ማሕበርነታውያን ሃገራት ዘሎና ምትእስሳር ምድልዳል—እዚ እዩ መ
ሰረታዊ ሚናና፣ ኣብዚ እዩ እቲ መሰረታዊ፡ረብሓና ዘርከብ። ዶሕሪ
እዚኦን፡ ናይ ኣስያን ኣፍሪቃን ሃገራትን ኩሎም ኣፍቀርቲ—ሰላም
ሃገራትን ህዝብታትን ኣለው። ምስኣቶም ንዘሎና ምትእስሳር ከነደል
ድሉን ከነማዕብሉን ኣሎና። ምስዞም ክልተ ሓይልታት እዚኦም ሓቢር
ና፡ በይንና ኣይከንከውንን ኢና። ብዛዕባ እተን ሃጸያውያን ሃገራ
ት ዘመጽአ፡ ምስቲ ህዝብና ክንትሓባበርን፡ ምስተን ሃገራት ዶማ ግ
ዱኒ—ንጉዱኒ ብሰላም ክንነብርን፡ ምስኦም ናይ ንግዲ ርክብ ክንገብ
ርን ዝኾነ ከመጽእ ዝኽእል ውግእ ንከይሳዓል ምጽዓርን ኣሎና፣ ግን
ኣብዝኾነ ኩነታት ብዛዕቦኦም ዘይርጉጽ ርእይቶታት ክህልወና የብሉን።

************************

* እዚ፡ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብቲ መበል ዓሰርተ—ሓደ ኣኼባ ና
[illegible]ቲ ሳሉዋይ መንግስቲ ዚቀረበ ኣስተምህሮ ኢዩ፡ እቲ ደራሲ፡ ቀደሚ
[illegible] ምውጽኢ ገለ መመሓእለታት ወሲኹ ኣቕረበ።

## መ ግ ለ ጺ ታ ት

1. እዚ ነቲ ብ1956 ኣብ ሁንጋሪ ተሳዒሉ ዝነበረ ጸረ—ሰውራዊ
ናዕቢ ዝጠቅስ እዩ:: ኣብ መወዳእታ ጥቕምቲ ናይቲ ዓመት እቲ፡
ኣብ ማሕበርነታዊ ሁንጋሪ ብሃጸያውያን ዝተደፋፍኡ ናዕቢ ተሳዕለ::
ዲቢውያንን ከልኦት ሰውራውያንን ብኣኹብ ይቕተሉ ነበሩ፣ ቡዳፐስት፡
እታ ርእሲ ከተማ ደማ፡ ንሓጺር ግዜ ተታሒዛ ነበረት:: ሃጸያውያን፡
ነተን ማሕበርነታውያን በብሓንቲ ምዕናው ብዝብል ዕላማ፡ ብሁንጋሪ
ኣቢሎም ኣብቲ ማሕበርነታዊ ደምበ ምክፍፋል ከእትው ፈተኑ:: ብ4
ሕዳር፡ ህዝቢ ሁንጋሪ ሰውራዊ ናይ ሰራሕተኛታትን ገባርን መንግስቶ
ም ኣቖመ፡ ብሓገዝ ናይ ሶቭየት ሰራዊትን ብደገፍ ናይቲ ማሕበርነ
ታዊ ደምበን ገስጋሲ ሓይልታት ዓለምን ብምሉኡን፡ ነቲ ጸረ—ሰውራዊ
ኣዱሓርሓሪ መንግስቲ ናይ ምትካል ፈተና ደርዓሙዎ::

2. ነቶም ሃገራውያን ብርጁዋዚ ነቲ መሰርሒ ማእቶቶም ኣብቲ ጉዕዞ
ማሕበርነታዊ ምቕይያር ንምግዛእ ሓደ ውሱን / ቀውም / ወለዶ ምኽፋ
ሎም፡ ሓደ ኣካል ናይቲ በታ መንግስቲ ዝሓለፈ ናይ ርእሰማል ምግል
ጋል / ናይ ሓፋሽ ምግባር / ሜላ ኢዩ:: ብ1956 ርእሰማላዊ ኢን
ዱስትርን ንግዲን በብኽፋሉ ናብ ሓባራዊ ናይ መንግስትን ብሕትን
ቀኒነ—ህንጻታት ካብ ዝልወጥ ኣትሒዙ፡ እታ መንግስቲ ነቶም ሃገራዊ
ብርጁዋዚ ናይቲ ገንዘባዊ ዋጋ ትሕዝቶኦም ሓደ ሓደ ቀውም ወለዶ ት
ኽፍሎም ኣላ:: እዚ ከፍሊት እዚ ካብ ሓደ ፍሉይ ግዜ ጥራይ ዝቕጽ
ል ኢዩ:: እዚ ወለዶ እዚ ገና ሓደ ዓይነት ምዝማዝ እዩ::

3. ብ1957፡ ብናይ ማኦ ጸ—ቱንግ ርእይቶ መሰረት፡ እታ ማእከለ
ይቲ መንግስትን እተን ዘበውያን መንግስታት ኣብ ኩሉ ደረጃታት፡ ሓ
ደ ዓሚቝን ሰፊሕን መጽናዕቲ ንጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ሰራሕ ገበሩ፡
እቲ ውጽኢት ኣብቲ ኣንጻር ጸረ—ሰውራውያን ዝተገብረ ቃልሲ ዓቢ ዓ
ወታት ከምዝተጠበበ ኣርኣየ:: ብዘይካ ኣብ ገለ ውሑድ ውልከ ኩነታ
ት፡ ዳርጋ ኩሎም ስጉምታት ብቕኑዕ ተወሲዶም፡ ኣብ ርእሲኡ እውን፡
ጌጋታት ኣብ ዝተረከበሉ ግዜ ተኣሪሞም ነበሩ:: ኣንተኾነ ግን ኣብ
ከረምቲ 1957፡ በቲ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምሽቃጥ መጽናዕትና ብም
ሳጽ፡ እቶም የማናውያን ብርጁዋ ነቲ ዓወታትና ንምንሳግ፡ ሓደ

ናዕቢ ኣሳዒዒሎም፡ ነቲ ናይታ ሰልፊ ናይ ጸረ—ሰውራውያን መጽቀጥቲ
ሚሳ ከጥቀዑ ሃቀኑ፡፡ ህዝቡ ኣብ ምሉእ እቲ ሃገር ስለ ዚተቓወሞም
ገና ብቀልጡፍ ቀሃሙ፡፡

4. እታ ናይ ዋን ከያ ፋን ተራድኦ፡ እታ ኣብ ዓዲ ሀቢስዘቨሊፑ፡
ወረዳ ጽንሀ ዋ፡ ኣውራጃ ሆፐይ እትርከብ፡ ቺየን ሚንግ ናይ ሕርሻን
ዱርን፡ ናይ ኣጓስቡ ምርበሕን ናይ ክፍረይቲ ተራ[illegible] ነበረት፡፡
ኣብ ትሕቲ ምክሳይ ናይቲ ኣከያዲኣ / ዋንግ ከያ ፋን / ብቨእሉታን
ብቀጠባን ኣዝያ ውርይቲ ከነት፡፡ ብመስከረም 1958 እታ ተራድኦ
ናብቲ ናይ ቺየን ሚንግ ህዝባዊ ዲቢዊ ኣሃዱ ስፍሓት / ኣብትሕቲ
ኣከያዲነት ናይ ዋንግ ከያ ፋን /፡፡

5. ህዝቢ ሃን ዘብሃሉ እቶም ናይቲ ኣዝዩ ዝዓበየ / ዘብዝሐ ህዝ
ቢ ዘሎዎ / ብሄር ቺና ህዝቢ እዮም፡፡ ከምኡውን እቶም ቀዳም ዓብሳ
ሊ ኢኮኖምያውን ፖለቲካውን ተራ ዚነበሮም ኢዮም፡፡

6. ዓሕራይ ኣብ ቲበት ዲሞክራስያዊ ጽገናታት ቀዳም እቲ ዚተጠቕሰ
ገዜ ተፈጸመ፡፡ ብ19 መጋቢት 1959፡ እቶም ኣብ ቲበት ኣብቲ
ዘባዊ መንግስትን ሳዕለዋይ ማሕበራዊ ቀጸላታትን ዚነበሩ ኣድሓርሓር
ቲ፡ ድሕሪ ምስ ሃጸያውያንን ባዕዓውያን ዓመጽትን ሓቢሮም ዚፈጸምዎ
ነዊሕ ምውጣጥን ምቅርራብን፡ ሓደ ሰፊሕ ብረታዊ ተቓውሞ ኣልዓሉ፡፡
ብንጡፍ ደገፍ ናይቲ ሓፋሽ ህዝቢ ቲበት፡ እቶም ናይ ሃይማኖት
/ ቡድሃነት / ኣቕሸሸቲ ከነ እቶም ተራ ህዝቢ፡ እቲ ህዝባዊ ሰራዊ
ት ሓርነት ነቲ ምልዓል ቀልጢፉ ደምሰሶ፡፡ ኣብቲ ገዜ እቲ ኣብ
ምሉእ ቲበት ዲሞክራስያዊ ጽገናታት ተገብረ፡ ህዝቢ ቲበት ድማ ካብ
ቲ ዘሰክሕን ድሑርን ተወፋርነት ሓራ ወጸ፡፡

7. ውዑይ—ገዛውቲ፡ ኣብ ውርጭን ኣስሓይታን ዘብዝሓን ሃገራት ንኣ
ትክልቲ ካብቲ ከቶር ቆሪ ንምክልኻል፡ ኣብ ውሽጢ ገዛ / ኣብ መው
ቕ / ኢተብቀሉ ኢዮም፡፡ እዚ ገዛውቲ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ነቲ ኣ
ትክልቲ ብርሃን ጸሓይ ንምሃብ ብጥርሙዝ / ቢትሮ / ዚተሰርሐ ኢዩ፡
እኹል ብርሃን ስለ ዘይረክብ ግን እቲ ኣትክልቲ ዘይ ድሩቕ ኢዩ ዚ
ኸውን፡፡

8. እዚ ሳቀ ዶ፡ ኣብቲ ታያ ታ ቺንግ ዝብሃል መጽሓፍ ምዕራፍ
58 ዝብሉ ኢዩ፡፡